# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 28 ዓመት ቁ. 252 | ዓርቢ 21 ሰነ 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ረዚን ዝኽሪ ንግደት ሰማእቲ



ገጽ 5
"ታሪኸይ መሊአ ክሰዋእ"



ገጽ 6
ስእላዊ መግለጺ



ገጽ 8
መልእኽቲ ካብ ብጾት



ገጽ 9
ጁቬ፡ ንፖግባ ክመልሶ'ዩ






# መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብልዑል ሓበን ተዘኪራ

20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ትማሊ ንግሆ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት - ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ብልዑል ሓበን ተዘኪራ።

ኣብ ሰዓታት ናይ ንግሆ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ መራሕቲ ሃይማኖት ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማሰኛታት ዝርከቡዎም፡ ብጦንድ ምረሻን ዕንባባታት ዝሓዙ ተመሃሮን ተዓጂቦም፡ ካብ ጐደና ሰማእታት ክሳብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካይዶም።

ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደብ ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ-ስዒድ፡ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወይዘሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ከምኡ'ውን ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይ፡ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ኣኽሊል ዕንባባ ኣንቢሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ሰማእታትና፡ ብጅግንነቶምን ዝኸፈሉዎ ክቡር ሂወትን፡ ንጸጋታትን ሓይሊን እዛ ሃገር ኣረብሒሎም፡ ኑቲ ዝመጣጠን ዘይመስል ዝበረ ናይ ጉልበት ምዕራት፡ ንረብሓ ናጽነት ክዉን ከምዝገበሩ፡ ጠቒሱ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን፡ ልኡላውነት ንምውሓስ ዳግም ዘረጋገጹዎ ቅያ፡ ኣብ ሃገራዊ ታሪኽ ህላዌናን ገስጋስናን መዛና ከምዝደርከቦ ገሊጹ። *(ምሉእ ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ገጽ 3 ረአ)*

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ንውዕሎ ጀጋኑ ሰማእታትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰማእታቱ ዘለዎ ክብረትን ብዘንጸባርቕ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።

# ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሰማእታቱ ብሰልፊ ሽምዓ ዘኪሩ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሸጥን ወጻእን፡ ብ19 ሰነ ምሸት ሽምዓ ብምውላዕ ንሰማእታቱ ብሓበን ዘኪሩ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ ካብ ከባቢ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ኮርፖረሽን ቴለኮሚኒኬሽን ዝተበገሱ ብጦንድ ምረሻ ዝተመርሑ ሰልፈኛታት፡ ናብቲ ሽምዓ ወለዑ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ተኣኪቡ ዝጸበየ ህዝቢ ምስ ተጸንበሩ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይ፡ ኑቲ ዕለት ዝምልከት ቃል ኣሰሚዑ።

ናይ ለሚ ዓመት 20 ሰነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ ተጻብኦታትን እገዳን ብጽንዓት መኪቱ ናብ መድረኽ ሰላምን ምትሕግጋዝን ኣብ ዝኣተወሉን ፍረ ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ኣብ ዝሓፍሰሉን ዘሎ መድረኽ ትዝከር ብምህላዋ፡ ፍሉይ ርዝነት ከምዝለዋ ብምሕባር፡ ንጀጋኑ ሰማእታት ብስራሕን ልምዓትን ንምድባስ፡ ለሚ እውን ከም ትማሊ ዓጸፋ ክነሰርሕ ተላቢዩ።

ስነ-ስርዓት ሰልፊ ሽምዓ፡ ን20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ብዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።





ስ/ኣብርሃም በየነ

Federal Democratic Republic of Ethiopia
በኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ
የጠቅላይ ሚኒስትር ጽሕፈት ቤት
Federal Democratic Republic of Ethiopia
OFFICE OF THE PRIME MINISTER

ዝኸበርካ ሓው ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፤ ስድራ ሰማእታት ድማ ብፍላይ፤ 20 ሰነ እቶም ንምውሓስ ሃገርን ምዕቃብን ዝተሰውኡ ሰማእታት ኤርትራ ዝዝከረላ ዕለት እያ። ወናኒ ሃገር ምኳን ብዋጋ ደምን ኣዕጽምትን ሰማእታት እምበር ብኸምኡ ዝርከብ ኣይኮነን። ህንጸት ሃገርን ዕቃቤኡን ድማ ብኽብሪ ሰማእታት ይደምቕ። ናይ ትማሊ ሰማእታት ዝርስዕ ህዝቢ፡ ለሚን ጽባሕን ጀጋኑ ኣይክህልዉዎን እዮም። ስለዝኾነ ድማ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ትማሊ ሰውኣትኩም ምኽብርኩም ግቡእን ረዚንን እዩ።

መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ካልእ ተወሳኺ ድምቀ ክብሪ እውን ኣለዋ። ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምስ ምምጻእ ሓድሽ መራሕነት ዝቐረበቶ ጻውዒት ሰላም፡ ክቡር ፕረዚደንት ሓው ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዝሃቦ ኣወንታዊ ምላሽ፡ እቲ ንዓመታት ደስኪሉ ዝነበረ ርክብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ናብ ንቡር ክምለስን፡ ህይወት ክዝርኣን ዘለዎ ተኽእሎ ንክልቲኦም ህዝብታት ዝተበሰረላ ዕለት እውን እያ። ስለዝኾነ፡ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ሕሉፍ መግደራን መስዋእትነትን ዝዝከረላ ዕለት ጥራይ ዘይኮነትስ፡ መጻኢ ተስፋታት ህዝብታትና እውን ዝተበሰረላ ዕለት ተስፋ እያ።

ክብሪ ንሰማእታት ኤርትራ!
ሰላምን ራህዋን ንህዝቢ ኤርትራ!
ነዊሕ ዕድመ ንክቡር ፕረዚደንት ሓው ኢሳይያስ ኣፈወርቂ!

ኣብዪ ኣሕመድ ቀዳማይ ሚኒስተር ፌደራላዊት ዲሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ
12 ሰነ 2011

# ኣብ ፓርክታት ሰማእታት መቐርካን ኣስመራን ልምዓታዊ ንጥፈታት ተኻዪዱ

ብኢጋጥሚ 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰሜን ጎ-ዓንሰባ፡ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ፡ ህዝባዊ ሰራዊትን ነበርትን ዝተሳተፉዎ ወፈራ - ኣብ መቓብር ሓርበኛታት መቐርካ፡ ሕመረትን ካልኦት ኣባላት ሃማመተኤን ዞባ ማእከል ድማ - ኣብ ፓርክ ሰማእታት ልምዓታዊ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም።

እቲ ብ18 ሰነ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት መቐርካ ዝተኻየደ ወፈራ፡ ኣብ ምግራብን ምዕራይ ቀጽርን ዘቕንዐ ነይሩ።

ተሳተፍቲ፡ ዘካይዱዎ ዘለዉ ንጥፈታት ሕልናኦም ንምቕሳን እምበር፡ ምስ ሞያ ሰማእታት ከምዘይዳረግ ብምጥቃስ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ስርሓት ኣብ 20 ሰነ ጥራይ ከይተደረተ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ኣዘኻኺሮም።

ብ17 ሰነ ኣብ ዞባ ማእከል - ፓርክ ሰማእታት ዝተኻየደ ወፈራ ድማ፡ ብፍናይ እግሪ ጉዕዞን መደብ ዋርሳን ዝተሰነየ ምንባሩ ተፈሊጡ።



ሰ/ናዝሬት በየነ

# መንእሰያት ዞ/ዓንሰባ ኣብ ታሪኻዊ ድፋዓትን ግንባራትን በጺሖም





ሰ/ሰረቐ ገብራት

ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ “ኣሰር ጀጋኑ” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 16 ክሳብ 19 ሰነ ናብ ታሪኻዊ ግንባራትን ድፋዓትን ዒላ- በርዕድ፡ ጁፋ፡ ዖና፡ ሓልሓል፡ ሮራ-መንሳዕ፡ መስሓሊትን ገንፈሎምን ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካዪዶም።

እቲ 1800 መንእሰያት ዝተሳተፉዎ ብድምር ልዕሊ 1500 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ ብትረኻ ውዕሎ ጀጋኑን ባህላውን ስፖርታውን መሰናድኣታትን ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ፡ ነቲ ኣብ 1975 ኣብ ገንፈሎም ዝተገበረ ኩናትን ኣብኡ ዝተራእየ ጅግንነት ተጋደልትን ኣብ ዝዘርዎ መብርሂ፡ ምስጢር ዓወት ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጽንዓት፡ ድልውነት ንመስዋእቲ፡ ከምኡ’ውን ወህደት ህዝብን ተጋደልትን ዘጠቓልል ክብረታት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣዘኪሩ ሰራዊት ዝርከቡዎም ሰብ- ስልጣን መንግስትን ጉዳይም ተጋደልትን እውን ንቕያን ውዕሎን ጀጋኑ ሰማእታት፡ ነበርቲ ዖና ድማ ንጃምላዊ ህልቂት ዖና ዝምልከት መግለጺታት ሂቦም።

ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ረዘነ ኣደናይ፡ ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ሓይሊ መንእሰይ፡ ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ድማ ታሪኽ ወፉይ ሃገራዊ መንእሰይ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ናይ ሕጂን መጻኢን ወለዶታት መንእሰይ፡ ንሕሉፍ ታሪኽ ጅግንነት ብዝዮዮእ ወረሰም ብልምዓት ክሸልዕዎ ከምዝዮዮእ ኣገዚቡ።

ተሳተፍቲ ጉዕዞ ብዘይካ፡ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ከረን ወፈራዊ ማእቶት ከሰላስሉ ከለዉ፡ በብከባቢኦምን ንኡስ ዞባኦምን ንስድራ-ስውኣትን ደቂ ስውኣትን ናይ ገዝዘብን ንዋትን ኣበርክቶ ገይሮም።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ ብ18 ሰነ ኣብ ገንፈሎም ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዞባ ዓንሰባ ተረኺቡ፡ ንህሉው ኩነታትን መብጽዓ መንእሰያት ኣብ ትግባረ ሕድሪ ሰማእታትን ዝተኮረ ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ሸግ ሰማእታት ወሊዑ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጰ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጰ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰሚራዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ሊድያ ስልጣን


## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

ሆስፒታል ሓሊበት
18 54 00
ሆስፒታል ኦሮታ
20 19 17
ፖሊስ ኤርትራ
12 77 99
ኮርፖሬሽን ኤለትሪክ
ሲቲ
12 22 22
ፋርማቻያ ቁ. 1
127565
መጥፋእቲ ሓዊ
202099
ማሕበር ቀይሕ መስቀል
154633

## ንታሪኽ ጅግንነት 100 ዓመት ኤርትራውያን ዝገልጽ ምርኢት ቀሪቡ

ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ዝተዳለወ፡ ንታሪኽ ጅግንነት 100 ዓመት ኤርትራውያን ዝገልጽ ምርኢት ስእላዊ ፊልም፡ ብ19 ሰነ ኣብ ጎደና ሓርነት - ከባቢ ህንጻ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቀሪቡ።

እቲ “ንናይ ሓባር ምዕባለ፡ ናይ ሓባር መረዳእታ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተዳለወ ምርኢት፡ ኣሰታት 100 ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሱ፡ ብዛዕባ ጅግንነት ኤርትራውያን በብዘበኑ ዝተርኸቡን ቃል-ምስክርነት ሰብ ውዕለት ዘጠቓለለን እዩ።

ኣዳላዊ ናይቲ ምርኢት ስእላዊ ግደይ ገብረሚካኤል፡ መንእሰይ ወለዶ ኣብ’ቲ ናይ ነዊሕ ዓመታት ታሪኽ መግዛእቲን ንዓኡ ዝሰዓረ ጅግንነት ኤርትራውያንን ሰፊሕን ቅኑዕን መረዳእታ ሃልዩዎ፡ ዚ ሓድሽ ናይ ሰላም ኩነታት ብውሕሉል ኣገባብ ክሕዞ ምእንቲ - ሰፊሕ መብርሂ ዝሁብ ምርኢት ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ዝተዓዘቦ ምርኢት፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ብኤርትራውያን ዝተፈጸመ ታሪኽ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ግፍዕታትን ካልኦት ኣብ ታሪኽ ብዘነእዕ ኣገባብ ዝተረኸቡ ፍጻመታትን ዘብርህ እዩ።

ሽሃብ ኣርኣያ

# ረዚን ዝኽሪ ንግደት ሰማእቲ



ህዝቢ ከተማ ኣስመራ፡ ካብ ዞባታትን ወጻኢን ዝመጽኡ ዜጋታት ጸሓይ ቅድሚ ምብራቓ ምስኣ እናተቐዳደሙ፡ ብብሸነኽኦም፡ ናብ መቓብር ሓርበኛታት ክውሕዙ ይርኣዩ። እቲ ዘብዝበን ኣብ ገጹም ዝንበብ ዝነበረ ታህዋኽን ሓደ ዓቢ ኣጋጣሚ ንኸየምልጦም ምኻኑ ብሩህ'ዩ ኔሩ። ብርግጽ ከሉ ናብ ሰፈር ሰማእቲ ንምንጋድ'ዩ ዝሽባሸብ ኔሩ። ኣብ'ቲ ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዝቶየድ ዓመታዊ ጽምብል ንምስታፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ግደታኡ ጌሩ ካብ ዝቖጸሮ ዳርጋ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት'ዩ ኣቑጺሩ ዘሎ። ዓመት-መጸ ብዘሌ ተሳተፍቲን እቲ መንፈሰን እንክዘይድ ምርኣዩ ድማ፡ እዛ ዕለት ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ርዝነት ከም ዘለዋ'ዩ ዝርድኣካ። ግድን'ያ ከኣ ክትረዝን፡ እቲ ምንታይ እንተስ ሓደ ሰወአ እንተስ ሰድራ ብምልእታ ምእንቲ'ዛ ሃገር ሰለ ዝሓለፈት።

ዝኽሪ 20 ሰነ ርእሲ ኩሎም በዓላትና'ያ። ምኽንያቱ ብከቢድ ዋጋ መኸተምታ'ቲ ምእንቲ ሓርነትናን ልኡላውነትና ንምውሓስ ዝነበርናዮ ቃልሲ ብዓወት ምምዋሳ'ዩ። ንሰማእታትና ድማ ሰለ'ቲ በታ ዘይትትካእ ህይወቶም ዝዀዘሙና ዓወት ዘለና ክብርን ምስጋናን ንምግላጽ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምትእኽኻብና ብዘኸርም እንተፈለምናዮ፡ ነዛ ንብዕላ'ውን ትኣምር ምድምሳስ ሻድሻይ ወራር ዘማስከረት 20 ሰነ ከም ፍልይቲ መዓልቶም ብምምዳብ፡ ብዘተፈላለዩ ንጥፈታት፡ ብልዑል ድምቀትን ርዝነትን ንጽምብላ ኣለና።

እዛ ሃገር ክብርትን ሕፍርትን'ያ። ምኽንያቱ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስድሪ መሬታ ዝዘረኦ ንጹህ ደምን ዝወደቓ ክቡር ኣካልን ጀጋኑና ሰለ ዘሎ። ዓሚቒ ንጅግና እንክውድቕ እቲ ጅግና ብጅግና ክተካኻእ፡ ኣሸሓት ሕሩያን በጃ ሓሊፎም'ዮም። ኣብ መወዳእታኡ ድማ እቲ ዓሚ'ምባር ንሕናስ ኣይከሰርናን። ምኽንያቱ ንሓድጊ ማስዋእቲ ብማስዋእቲ ብምድራዕ ዝመጽኡ ወለዶታት ቀሲኖም፡ ተሓፊሮም ዝነብሩላ ሃገር ከውሕስ ብምኽኣልና።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተጸምበሉ ዝኽሪ ሰማእታትና ኩሎም መምስ ዝመጽአ ኩነታት ዝሰነ ፍሉይ ትርጉም'ዩ ነይሩዎም። ኣብ እዋን መኸተ፡ ልምዓትን ብደህን ሎሚ ድማ እቲ ኣብ ልዕሊና ዝተበየነ ዘይፍትሓዊ እገዳ ኣብ ዝተላዕለሉን ኣብ ሃገርናን ዞባናን ርሑስ ጠሊ ዘለዎ ናይ ሰላም ሃዋህው ኣብ ዝሰፍነሉን ዘሎ እዋን ንጽምብሎ ብምህላውና ድማ ደገምና ንሰማእታትና "ሳላኹም'ዩ" ኢልና ምስጋናና እነቕርበሉ እዋን'ዩ።

ሓሙስ 20 ሰነ 2019፡ እታ ዘልኣለማዊት ሰፈር ብሉጻት ደቂ'ዛ ሃገር ዝኾኑት መቓብር ሓርበኛታት፡ ዓመት መጺ እትማስከሮ ፍጻመ ሰኢዳ'ያ። ክቡር ፕረሲደንት፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ሓለፍቲ ሃገራውያን ማሕበራት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ካብ ጎደና ሰማእታት ብበንድ ምረሻን ዕንባብ ዝሓዘሉ ቀልዑን ተሰንዮም ናይ እግሪ ጉዕዞ ብምኽያድ፡ ናብ ቀጽሪ መቓብር ሓርበኛታት ኣትዮም።

ክቡር ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ኣኽሊል ዕምባብ ምስ ኣንበረ ድማ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ፡ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ፕረሲደንት ሃግደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ከምኡ'ውን ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ኣኽሊል ዕምባብ ምስ ኣንበሩ፡ እቲ ወግዓዊ ጽምብል ተጀሚሩ።

ክቡር ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ በቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ሰማእታትና ንምዝካርን ሕድሮም ደጋጊምካ ንምኽባሉን ህዝቢ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ብዘተፈላለየ ማሳናድኢታት ንዝተዳለወ ድሙቕ ኣበዓዕላ እዛ ዕዝዙ ዕለት ምስጋናኡ ብምግላጽ፡ ሰማእታትና ብጅግንነቶምን ብዘኸፈልዎ ክቡር ህይወትን ጸጋታት እዛ ሃገር ኣራብሒም ነቲ ዘይመጣጠን ዝማሰል ዝነበረ ናይ ጉልበት ምዕራት ረብሓ ናጽነት ክዉን ከም ዝገበሩ ሓቢሩ። (ምሉእ ትሕዝቶ ቃል ፕረሲደንት ኣብ ሳጹን ተኸቲተሉ)።

እቲ ብኣሸሓት ዝቆመት ህዝቢ ዝተሳተፎ ጽምብል፡ በጋራብ ብዘርእስታ ደርፌ ድምጻዊ መሓመድ ሁመድ ቲታ፡ ብቋንቋ ብዓወየት'ዩ ፈሊሙ።

ሰዒባ ሰብ ኔሩ፡ ሰብ ኣሎ ዘርእስታ ግጥሚ ኤፍሬም ሃብተጽዮን፡

ተረት-ተረት ኾታት
ዝጠን እምባታት መንቀራቕሮ ሰንጭሮታት
መሬጠርካ ዘጽልእ በዓቲታት
መሕደር ኣሽሓት ነይሮም
ሰፈር ወፋያት

ምስ ቀረበት ድማ "ሕልሞም ዝዛራ" ብድምጻዊ ኣሕመድ ኣድሪስ ዓፋ፡ ወደል ብረሽድ ሐሴን፡ ግጥሚ ኤፍሬም ካሕሳይ "ስርቀት ጸሓይ ወርሒ"፡ ደርፌ "ምእንታና" ብየሜሮን እስቲፋኖስ፡ ግጥሚ "ሹሃዳእ" ብኡሳታዝ ማሓመድ ኣልሓጅ ሙሳ፡ "ፍረ ሽሂድ" ድምጻውያን መንሱር ሳልሕን መሓመድ ኣደም እድሪስን፡ ከምኡ'ውን ደርፌ "ሻሂድ" ብሳልሕ ዑመር፡ "ካሲሱ ዜማኻ" ዘርእስታ ግጥሚ ኣወል ሰዒድ ምስ ቀረበ፡ መዘምሚት እቲ መደብ ዝነበረት፡ "ብርሃን" ዘርእስታ ደርፌ ድምጻዊ ሄኖክ ተኽለይ'ያ ኔራ። ተሳተፍቲ'ቲ ጽምብል ሃገራዊ መዝሙር ምስ ዘመሩ ድማ፡ ከም'ቲ ልሙድ፡ ኩሉ ምስ ሰወኣቱ ክዕልል ሽምዓኡ ሐዚ ናብ ሰፈር ጀጋኑ'ዩ ኣትዩ።



## ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት



ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ልዕሊ ሰማእታትና ምዝካር፡ ሕድሮም ደጋጊምካ ምኽሳዕ፡ ህዝቢ - ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ብዘተፈላለየ ማሰናድኢታት ንዝቶየዶ ድሙቕ ኣበዓዕላ'ዛ ዕለት፡ የሳናን ምስጋናን።

ሰማእታትና፡ ብጅግንነቶምን ብዘኸፈሉዎ ክቡር ሂወትን፡ ንጸጋታትን ሓይሊን'ዛ ሃገር ኣራብሒም፡ ነቲ ዘይመጣጠን ዝማሰል ዝነበረ ናይ ጉልበት ምዕራት (equation)፡ ንረብሓ ናጽነት ክዉን ገይሮም፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ልዑላውነት ንምውሓስ ዳግም ዘረጋገጹዎ ቅያ፡ ኣብ ሃገራዊ ታሪኽ ህላዌናን ክሳብናን መዛና ኣይክርከቦን'ዩ። ሂወቶም ዕርቡንን ዋጋን ምኽፋል ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዘውረሱዎ ስርዓተ-ክብረታትን (value system) ባህሊ፡ ንሓይሊን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ እናራዓበሐ ዘዚዩዶ ፍናናዊ ጸጋ'ውን፡ ብዋጋ ዘይትመን'ዩ። ስለ'ቲ ኣብነታዊነቶምን ብግብሪ ምሂሮም ዘውረሱና ክብረታትን ከኣ፡ ምስጋናን ክብርን ስለዘይኣኽሎም፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ዕዙዝ ኣጋጣሚ፡ ደጊምና መብጽዓና ከሕድሰሎም፡ ሕልናዊ ግዴታን ሓላፍነትን'ዩ። በ'ጋጣሚ በዓል ናጽነት፡ በቲ "ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት" ዝተሰምየ ቴማ፡ ህዝቢ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዘቕረቦ ገላጺ ማሰናድኦ ኹሉ፡ ሓቀኛ ምስክር ናይቲ መብጽዓ'ዩ ነይሩ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ኣብ ኣጋጣሚ በዓል ናጽነት፡ ምስ ወህብ ዓለማዊን ዞባዊን ዘቤታዊን ኩነታትን ምዕባሌታትን ተዛሚዱ ዝርኣ ናይ ልምዓታዊ መደባትና መርሓ-ጉደና ዝጠመረ 11 ነጥብታት ዝዘከር'ዩ። ንቕድሚት ዝጠመተ ጥራይ ዘይኮኑ ንዝዘተኸልፈ /ዝተዓንቀፈ/ ዝተኸስረ ዕድላት ንምምላስ'ውን ዝዓለመ መደባት'ዩ። በየናይ ዓቕሚ? በየናይ ጸጋታት? ብኽንደይ ግዜ? በየናይ ብልሓትን ስልቕጥዊን? ባህርያዊን ንዋታዊን ቴክኖሎጂያዊን ፋይናንስያዊን. . . ካልእን ጸጋታት፡ ኣገዳሲ ተደላዪታት ልምዓት'ዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን፡ ጸጋ-ሰብ'ዩ። ጸጋ-ሰብ፡ ብዓይነታዊ ሞያን ክእለትን ተመኪሮን። ዓይነታዊ ሞያን ክእለትን ተመኪሮን ግን፡ ዝኾነ ኣሃዝ ወይ ፍቕዲ ይሃልዎ፡ ኣራብሓ ረቛሒ ኪህልዎ የድሊ። ተወፋይነት ዝሕመረቱ ስሰዐን ርእሰ-ፍትወትን ወገድ ዝበለ ዘይሕሰልን ተብላሓቲን ጸዓተኛ፡ ብጽፈት ዝተወደበ ጸጋ-ሰብ፡ ኬድና-ኬድና ናብ መበቆል መንነትና ክንምለስ ኣሎና ማለት'ዩ። መበቆል መንነትና፡ ሰማእታትና ዘውረሱና ክብረታትን ባህሊን!

ሰማእታትና ልዕሊ ኩሉን ንዘልዓለም ይኸበሩ!
ዓወት ንሓፋሽ!
20 ሰነ 2019።

## ውዕለቶም ክነግር

ኣቡቲ እዋን ጸልማት - ኣቡቲ ጸዓፍ ገደል
ብሓይሊ ዘራያት - ዘይበሉ ሰንደልደል
ንሕርያ ናጽነት - መራሕ ዓንዲ ማእከል

ምንባር ሂወት ወገድ ኢሎም
ቅድሚ ብጾቶም ዝሓልፉ
ንሰላም ራህዋን - ኣብራኽ ከይዓጸፉ
ንሕጊ ተፈጥሮ - መኪቶም ዘጽረፉ

ንሓርነት ሃገር - ሓይሎም ዝወደኑ
ንውጥን ጸላእቲ - ብብልሓት ዘምከኑ
ንሓጺነ-መጺን - መኪቶም ዘድኃኑ

ነዛ ክብርቲ ሃገር - ሂወት ዝለገሱ
ህዝቢ ዘቖሰሉ - ሃገር ዝውሓሱ

ኣብ መሪርን ምረትን - መስተንክር ዝሰርሑ
ዓለም ዘስደመመ - ድምጾም ኣቃሊሑ
ኣብ ቃልሲ ጥምጥም - ጽንዓት ዝፈትሑ

ግዲ የብልኩምን- ምስ ኑብሰይ ክመክር
ቅያኦም ክቖጽል - ክብሪ ከፍቅር
መብጽዓ ይኹኒ - ውዕሎቶም ክዞገር ጸማኦም
ክትግበር።

ሌ/ኮ መዓመ ትኩእ
ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ሰልፊ ሽምዓ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ



ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዘእዋኑ ብዝተፈላለዩ ግዝኣቲ ስርዓታት ዝተዓመጸን ዝመረረ ባርነት ዝሓለፈን እዩ። ብሕልፊ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት፡ ጸዋሪ ዘይውዳእ ግፍዒን ሓሳረ መከራን ርእዩ እዩ። ይኹን እምበር፡ ብራዕዲን ሸበራን ኣይተዳህለን። ብኣረሜናዊ ተግባር ግዝኣቲ ክንምብርከኽ ድልየቱን ምርጫኡን ኣይነበረን።

"ዓሳ ንምጽናዕ ባሕሪ ምንጻፍ" ዝብል ኣረሜናዊ ተግባር ግዝኣቲ፡ ኣብ ልዕሊኡን መሬቱን ተፈጺሙ፡ ብቐለሉ ዘይሃሰስ ሰንበራት ጉዳፋ። ኣብ ግዜ ዓዱን ሓሳል መሬቱን ዘኽፍኣ ተባዚሉ ዝኣመለ ሕሰም ግፍዒ ወራዶም፡ ፍጹም ተዋሪዱ፡ ተቐቲሉ፡ ተዘሚቱ፡ ተሓይሩ. . . ብኹሉ ከክፋኡ ተፈቲኑ።

ናጽነቱን ሉኣላዊነቱን ብቐልጽሙ ዘረጋገጸ ሓፋሽ፡ ትርጉም ጸላምን ብርሃንን፡ ትርጉም ጥሙትን ሓርነትን፡ ትርጉም ሓሳረ መከራን ራህዋን፡ ጸበባን ቅሳነትን. . . ከሊሲ ግድን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፥ ነቲ ኣብ ዝቡሉ ዝጸሓየ ኣደራዕ ዋጋ ከይከፈለ ኣይሓለፈን። ብኣደራዕን ግፍዕን ተሓሊኹ ኣይተረፈን። እኳ ደኣ፡ ንኸሉ'ቲ ኣደራዕ፡ ሓሳረ መከራ፥ ሕሰምን መሰደመም ሰቓይን፡ ብሰውራ ክሰግሮ ወሲኑ። ህይወቱ እናኸፈለ ንመሰሉን ናጽነቱን ሓራ ተጋደለ። ህይወት ብሉጻት ከፊሉ ደሙ ነታ ዝደልያ ናጽነት ጨቢጡ።

ኣብ ናይ 30 ዓመት ቃልሲ ንናጽነት፡ ኑቡሲ-ወከፍ መዓልቲ ዓሚቑ ታሪኻዊ ፍጻመን ዝኽርን ኣለዋ። ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ንምምጻእ ዝኸፈሎ ህይወት 10ታት ኣሽሓት ብሉጻት ዜጋታቱ፡ ኣብ ማህደር ታሪኹ ተሰኒዱ እዩ። ኣብ'ዚ ናጽነት ንምምጻእ ንዓመታት ዝተኻየደ መሪር ቃልሲ፡ ኣይሂ ኣደራዕ ዘጽሓየት 24 ግንቦት ከምኡ'ውን እዚ ንኽነውን ናይ ዝተኸፍሉ ኣሽሓት ሰማእታት እንዝክረላ 20 ሰነ፡ ሓለፉ ኣለውን። ብፍሉይ ካብ ዝዝከራ በረኽቲን ረዛንቲን ዕለታት ደማ ይገብረን።

ዝሓለፈ ወርሒ 24 ግንቦት፡ ኣብ ወሽጢን ኣብ ወጻእን ዝነብር መላእ ህዝብና፡ መበል 28 ዓመት ዕለተ ናጽነቱ ብድምቀት ከም ዘጸምበለ ይፍለጥ። እንሆ ድማ ትማሊ 20 ሰነ፡ ኑየም ምእንቲ ሓርነት ህዝቦምን ሃገሮምን ዝተበጀዉ ሰማእታት ኤርትራ እንዝክረላ መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ ኣኺላ ክንዝክሮም በቒዕና።

20 ሰነ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ልቢ ኤርትራዊ ብዘለዋ ረዚን ዝኽሪ፡ ኣብ መንበሪ ቤቱ ኩሉ ኣብ ኣዳራሻት፡ ሽምዓን ጥዋፍን ብምውላዕ ይዝከራ። ኣብ ርእሰኣ ዓመት መጸኣ ኣብ ድሮ'ዛ ዕለት ኣብ 19 ሰነ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣብ ቀንዲን ዓበይቲን ጐደናታት ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ሃገርና ዝተየድ ሰልፊ ሽምዓ እዩ።

መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ 20 ሰነ - ሎሚ ዓመት እውን፡ ብድሮ እታ ዕለት ብዝተየድ ሰልፊ ሽምዓ እያ ፈሊማ። ህዝቢ ካብ ከባቢ ሰዓት 5:00 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ፡ ኣብ መበገሲ ሰልፊ ሽምዓ - ሲቲ ፓርክ ክተኣኻኸብ ኣምሰዩ። ሰዓት ምጅማር ሰልፊ ከቋምት ድሕሪ ምምሳዩ፡ 7:30 ምስ ኮነ፡ ሽምዓ ዝሓዙ ሽምዓኦም ወሊዖም፡ ጥዋፍ ዝሓዙ ጥዋፎም ወሊዖም፡ ብጉንድ ምረሻ፡ ተመሃሮ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከልን መንእሰያትን ከምኡ ድማ ጸዕዳ ጋውን ዝለበሱ ኣባላት ሕክምናን ህዝብን ተመሪሐ ተበገሰ። ጐደና ሓርነት ሓሊፉ፡ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ክሳብ ዝበጽሕ፡ ኩሉ ሰልፈኛ ተሰሪዑ እዩ ምስ'ቶም ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ክጸበዩዎም ዝጸንሑ ቁልዓን ሰበይቲን ናይ ዕድመ ሱብ ጸጋን ተጸንቢሩ። ሜዳ ባሕቲ መስከረም ድማ፡ ልዕሊ ዓቕሙ ማይ ከም ዝመልአ ሩባ መሲላ መስለኹ እግሪ ዘይብላ ብህዝቢ ክጸጽ በለት።

ሰዓት 8:00 እቲ ብኣሽሓት ዝቖጸር ህዝቢ በቦታኡ ምስ ሓዘ፡ ስሩዕ መደብ'ታ ዕለት ብዝኽሪ ሰማእታት ፈሊሙ። ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐስማን ኣወልያይ፡ ኣብ መደረኡ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ወሽጢን ደገን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ፡ "ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት" ብዝብል ቴማ መበል 28 ዓመት መዓልቲ ናጽነቱ ብድምቀትን ክብ ዝበለ መዳርግን ከምዘጸንበለ፤ ድሕሪ ወርሒ ኸኣ፡ ኑየም ናጽነትን ክብረትን ንኽንረክብ ዝሓለፉ ሰማእታትና ንምዝካርን ቃል ሕድሮም ንምሕዳስን ብሰልፊ ሽምዓን ስጥበባዊ መሰናድኣታትን ንዝክራ ምህላውና ገሊጹ።

ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ኣስዒቡ፡ ዝኽሪ 20 ሰነ ሎሚ ዓመት፡ ካብ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ዝፈልያ እንተሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተበየነ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ብጽንዓትን መኽተን ምስዓሩ፤ ቡቲ ሓደ፡ ወተሃደራዊ ቀሩቀጥ፡ ቁጠባዊ ሽርሒ፡ ዲፕሎማስያዊ ከበባ፡ ዜናዊ ጸለመ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናትን ባህላዊ ወራርን ብዝወፋይነትን ጽንዓትን መኪቱ ኣፍሺሉ ናብ ሓድሽ መድረኽ ሰላምን ምትሕግጋዝን ኣተኩሩሉ ኣብ ዘለወሉ ደማ ቡቲ ካልእ፡ ትዝክር ምህላዋ ፍሉይ ርክቡት ከምዝለዋ ኣረዲኡ።

ኣቲናዮ ዘለና ሓድሽ መድረኽ፡ መንግስቲ መትከብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ፡ ቁጠባ ሃገር ንምህናጽን ንምምዕባልን ናብ ቀረባ ርሑቕን ዝጠሙት ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት ኣዳልዩ ምህላዉ ዝጠቐሰ ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን፡ ዝተወጠኑ መደባት ልምዓት ብዘይተኣትፎ ህዝቢ ክዕወቱ ስለ ዘይክእሉ፡ ብዝወፋይነትን ጽንዓትን ዓጸፋ ምስራሕ ከምዘድልየና ብምትሕስሳብ፡ ጥላለት ዘለዋ ከረምቲ ክትከውሉና ብምምናይ መደረኡ ዛዚሙ።

መንእሰይ ሰምረት ጼጋይን ተጋ. ሃብተጽዮን ክብረኣብን ካብ ተሳተፍቲ ሰልፊ ሽምዓ ናይ'ቲ ስነ-ስርዓት እዮም። ትርጉም ዝኽሪ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ኤርትራዊ ዜጋ ንኽፍፍልና ክንወከሶ ከለና፡ ሰምረት፡ ስእሊ ሓደ መንእሰይ ሓቝፋ ነይራ። መርሃዊ ጼጋይ ዝበሃል ስውእ ምዕባይ ሓዋ ምዃኑ ገሊጻትልና። መርሃዊ ካብ ስድራኦም ምንኣስ በኹሪ ገዛ እዩ። ኣባል 3ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮይኑ ሳዋ ወሪዱ። ኣብ 1ይ ወረር ኣብ ግንባር ዛላ ኣምበሳ ፍሉይ



ስሙ ኣምበስተገለባ ኣብ ዝበሃል ቦታ፡ ብ16 መጋቢት 1998 ዓም ብጅግንነት ከምዝተሰውኣ ኣውጊዓትና። ምስሊን ትርኢትን ሓዋ ኣብ መንነ ግዱ ቅድል ኢሉዋ ግን ዝርዝሓ እናንብዐት'ያ ዝ ከሉ ዛንታ ኣዕሊላትና።

ሃብተጽዮን ክብረኣብ ናይ 1974 ዓም ተጋዳላይ እዩ። ንሱ፡ የማነይቲ ኢዱ ሽምዓ፡ ጸጋመይቲ ኢዱ ኸኣ ምርኩስ ተደጊፉ ኢና ረኺብናዮ። ኣብ እዋን ሰላሕታ ወረር 1983 ሰንክልና ከምዝገጠሞ ድማ ኣዕሊሉና።

መንእሰይ ሰምረትን ተጋዳላይ ሃብተጽዮን ክብረኣብን ህዝቢ ኤርትራ፡ መሰሉን ናጽነቱን ስለ ዝበለ ጥራይ፡ ብግዝኣቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ ኣረሜናዊ ተግባርን ዝወረዶ ግፍዕን መዳርግቲ ከምዘይብሉ ገሊጾሙልና። ይኹን እምበር፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍና ዝሰፈሮም ጅግኑ ሰማእታት ከፊሉ ናጽነቱን ሓርነቱን ሳላ ዝጨበጡ፡ ኣብ ሃገሩ ቀሲኑ ይነብር ከምዘሎን ሰማእታትና ድማ ልዕሊ ነብሶም፡ ሃገሮምን ህይወት ህዝቦምን ኣፍቂሮምን ኣኽቢሮምን ስለ ዝሓለፉ፡ "20 ሰነ" ንድርብ ዕላማ መኽተን ልምዓትን ቃልና እነሐድሰላ ዕለት ምዃና ኣገንዚቦም። ጸር ሕድሪ ሰማእታትና ኣብ እንግድዓ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ምህላዉ ብምዝኽኻር ከኣ፡ ኤርትራዊ፡ መብጽዓ ሰማእታቱ እናሓደሰ ናብ ወለዶታት ከሰጋግር፡ ኣብ መደብ ትግባረ ልምዓት ሃገሩ ብዘለዎ እጃሙ ከበርክትን ደማ ተላብዮም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንዝኽሪ'ታ ዕለት ዘዳለዉ'ቼ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበበኛታት ብዋልስ ጥንድ ተሰንዮም ብርክት ዝበሉ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ኣቕሪቦም። ፈለማ "ዝርኢ ዝርኢ ሰናይ" ዘርእስታ ደርፊ ቋንቋ ትግርኛ ብድምጻዊት ብርኽቲ ወልደሰላሰ ምስ ቀረበት፡ "ደሃይ፡ ሕድራ ኀዝዩ፡ ዝብላ ደርፈታት ብቋንቋ ትግርኛ ሰዲበን። "እምብኣ ዎ ኣምሴነ" "ያሬት" ዘርእስተን ደርፍታት ብቛንቋታት ብዳወየትን ትግረን፡ "ምላትነት ህይወት፡ መሳምሕ ኤርትርያ" ዝብላ ግጥምታት ብቛንቋታት ትግርኛን ዓረብን ሓንቲ ድሕሪ'ታ ሓንቲ ናብ ተዓዘብቲ ቀሪበን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ጐደና ህንጻ ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ቅርዓት ማርካቶን ብምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ኣርባዕተ ኣስመራን ጐዳይፍን ዝቐረበ፡ ነታ ረዚን ክብሪ ዘለዋ መዓልቲ ሰማእታት ዘንጸባርቑ "ሰውኣትና ስሞም ልዕሊ ምድሪ፡ ሰማእታትና ወትሩ ኣብ ልብና፡ ሰማእታትና ዋሕስ ህላወና፡ ሃገረይ ብሌን ዓይነይ. . ." ዝትሕዝቶኦም ጭርሖታት፡ ዝኽሪ ስርሒት ኮማንዶ ሰምበል ወርሒ ግንቦት 1984፡ ኲናት ባጽዕ 1977፡ ስርሒት ፈንቅል፡ ምሕራር ከተማ ባጽዕ 1990፡ ምፍራስ እዚ ናደው 1988፡ ምምራኽ ሰለስተ ሶቬታውያን ወተሃደራውያን ኣማኸርቲ ስርዓት ደርግ፡ ግንባር ጊንዳዕ ግፍዒን ጃምላዊ ህልቂት 400 ሰላማውያን ዜጋታት ነበርቲ ሽዕብ ግንቦት 1988፡ ኣስመራ፡ ኣብ እዋን ወረር ወያነ ምኽባር ልኡላውነትን ኣብ ግንባራት ቡሬ ባድመን እግሪ መኽሰን ዝተፈጸመ ጅግንነት፡ ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ፡ ከምኡ'ውን ንዕላማ፡ ጽንዓት፡ መትከል፡ ብጻይነትን መሰዋእቲን ህዝቢ ኤርትራ. . . ዝውክሉ ቅዲ ሐጹ፡ ቅብኣ፡ ቅርጻ፡ ስእሊን ካልእን ንተዓዘብቲ ክፉታት ኮይናም ካብ ዘለዉ ንጥፈታት እዮም። ኣብ ጐደና ኣምባሳደር ሆቴል'ውን፡ ብወለንታውያን ሓኪይም ዝተኣከበ ካብ ቅድሚ ናጽነት ክሳብ ሕጂ ናይ ዝተሰውኡ ልዕሊ 200 ኣባላት ሰብ ሞያ ጥዕና ስእሊ ንምርኢት ክፉት ኮይኑ ኣምሲዩ።

ሰዓት 7:30 ዝጀመረ ሰልፊ ሽምዓ 19 ሰነ ሎሚ ዓመት እምበኣር፡ ድሕሪ ናይ ሓደ ሰዓትን ፈረቓን መደብ፡ ልክዕ ዓት 9:00 ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

ኤርትራዊ፡ መግዛእታዊ ስርዓት ንምጽራግ ህይወት 10ታት ኣሽሓት ደቁ ከፊሉ ሓርነቱ ዘረጋገጸ ህዝቢ እዩ። ሰውኣትና ደሞም ብናትና ሓይሊ መኽተ፡ ጽንዓት ተወፋይነትን፡ ሰላምን ምክብባርን እዮም ዝቐሰሉ። ንሕና ደሞም ሕድሪ ኣብ ዘጽንዕ ዝኽርና፡ ንዝሓለፈ ምረት ቃልሲን ዝኸፈልናዮ ዋጋን እናዘከርና ንዝያዳ ስራሕን ብልጽግናን ክንገጽ ግዴታና እዩ። ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና!



# “ታሪኽይ መሊኡ ክስዋእ”

ጴጥሮስ ተፈሪ



ዳኒኤል ክፍለዝጊ (ወዲ ክፍለ)፡ ካብ ኣቦኡ ኣቶ ክፍለዝጊ ይከኣሎን ወላዲቱ ወ/ሮ ደመቀሽ ባህረን ኣብ 1969 ኣብ ኳዜን ተወሊዱ ኣብኡ ዓብዩ። በሾሪ ግዛ ድማ ነበረ። ካብ ብቑልዓኡ ኣትሒዙ ትኩርን ደፋርን ምንባሩ ወላዲቱን መዛኡኡን ይምስክሩሉ። እቲ ከባቢ ካብ ብንግሆኡ ውግእን ወረ-ውግእን ዘይተፈልዮ ምስ ምዃኑ፡ ህዝቢ’ታ ዓዲ ከም ኩሉ ነባሪ ናይ’ቲ ከባቢ ቡቲ ብደቁ ክሕበን፡ ቡቲ ድማ ብጸላኢ ክህደን እዩ ህይወቱ ምሉእ ኣሕሊፋዎ። ኩሉ ግዜ ስግኣት ነይሩዎ። ህዝባዊ ሓይሊታት ቃልሳ ኣብኡ ጀሚራ ኣብኡ ዛዚማ ክበሃል ይከኣል። ከም ኩሉ ወዲ’ቲ ከባቢ እምበኣር፡ ዳኒኤል እውን ከም ኩሎም ኣያታቱን ኣሕዋቱን ነዚ እናረኣየ እዩ ዓብዩ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ጥቡዐን ድፍረትን እናሕደረ ኀበዘ። ሱብኣይ በጽሐ።

“ኣቲ ኣደ ትም እንዶ በሊ፣ በዚ ሰንጭሮ በዚ ሮራ እንታይ ከይመጽኣና” በለን ሓደ ግዜ ንወላዲቱ። ኣብ’ቲ ብ1975 እታ ዓዲ ዝከደደትሉ፡ ቈልዑን ጥሪትን ሒዘን ኣብ በረኻ ኣብ መሸጐራጉር ‘ጽንዕቲ ዕርዲ’ ዝበሃል ሸነኽ ምብራቕ ኳዜን ዘሎ በረኻ ንበይነን ኩይነን ፈሪሐን ሃተፍተፍ ምስ በላ እዩ ኣተንሲኡ፡ “ደሓን ዲኺ?” ምስ በለንን ፍርሐን ምስ ነገረኦን ከምኡ ዝበለን። ካብ’ቲ ዘይተጸበያኦ ቈልዓ ከምኡ ምስ ሰምዓ፡ ኩብደን ገጥ በለለን። ወይለይ ወደይ’ባ ኣኺሉለይ እዩ ኢለን ፍርሐን ንእለት በኸለን። ሽዑ ወዲ 7 ዓመት እዩ ነይሩ። ባዕሉ ብድድ ኢሉ ድማ ሰድራን ኣሓን ንክሕሉ ሸነኽ ወሰን ሰጊሩ ደቀሰ።

ዘይከምቲ ህድኣቱ፡ ዘረባ ሰው የብል እዩ። እቲ ድሕሪ ክንደይ ሰቕታኡ ዘውጽኦ ቃል መሬት ኣይወድቕን እዩ። ወ/ሮ ደመቀሽ ድሕሪ እዛ ናይ ጽንዕቲ ዕርዲ ኣጋጣሚ፡ ብድሕሪኡ ንዓኡ ሐዚን በረኻ ምስ ጥሪትን ቈልዑን ክሓድራ ርእሰ-ምትእምማን ገይረን እየን። ብዳኒኤል ኩርዕትን ትብዕትን ነበራ። ኣብ መራጉዞ - መሬት ባሕሪ ንበይነን ምስ ደቀን ኣብ ዝከበራሉ፡ ኑቶም ካልኦት ደቀን ንጸግዒ ከይቕሰኦም ከለዋ ንዕኡ ንወሰን እየን ዝጉብራኦ። ሓደ ዕለት፡ “ስለምንታይ ኢኺ ኣደይ ንዓይ ኩሉ ግዜ ንወሰን ተደቅስኒ?” በለን። “ዳኒ ወደይ ንስኻ ደኣ ሱብኣይ ኣኺልካ እንዲኻ” በላኦ። ግና ትቕብል ኣቢሉ፡ “ኣየ ኣደይ.... ኑቲ ዝበልዕሶ ሕራይ ብወሰን ስለዘለኹ ንበይነይ ይወስድ ወይ ድማ ይከላኸለ፣ እቲ ዝመጽእ ዘሕምምኸ ንበይነይ ዝወስድዶ ይመስለኪ.” ኩብል መለሰለን እሞ፡ ተገረማ። ከይንሓምም ንሽልና ተኸናኸንና ማለቱ ምዃኑ ኣይዘንግዓኦን። ንሰን ዝያዳኡ ኑቶም ንኣሽቱ የድህባ ስለዝከበራ እዩ ብጥቡብ ከምኡ ኢሉ ዝተዛረበን።

ሓደ ግዜ ወላዲቱ ስለዝተቛየቓ ሓኪሉ ሓደረ። ሻቡ ኩርቲፉ ርእሲ ከልዕል ጀሚሩ ነበረ። ክልተ ኣሕዋት ናብ’ታ ደቂሱዋ ዝነበረ ደምበ ሰላሕ ኢሎም ብምእታው፡ ቀልቀል ነጸላኡን ገጹን ጺያይቖሞ ከም ኣተኣታትወኦም ሰላሕ ኢሎም ወጹኡ። ንንግሆኡ እንተራእዩ፡ ብጨና ምኽኣል ሰኣኑ። ካብ ኩሉ መን ጺይቑዎ ኣይፈለጠን፣ ጴጥሮስ ሓዉ ከምኡ ክጉብሮ ኣይክእልን እዩ። ንሓደ ሓኪሉ ኣብ ደምበ ዝሓደረ ከምዚኣ ኩተጋጥሞ ኩላ ኣብኣ እትኸፍእ እተሕምም የብሉን። ክሳብ ክንድዚ ልቡ ኣውዲቑ ምድቃሱን፡ ከይሰምዖም ኣትዩም ከይሰምዖም ምውጽኦምን ኑቶም ዝጉብሩ ሓበን እዩ፣ ንዕኡ ግና ብመዛኡኡ መላገጺ ክኸውን እዩ። ምሒር ከኣ ሓረቐ። ትንሰእ ኢሉ ጋሕ-ጋሕ ምድሪ ንሩባ ብምኻድ፡ ነጸላኡ ሓጺቡ ኑብሱ ተሓጻጺቡ ተመልሰ። በረኻ ምስ ወፈረ ግና ብስራት ሰሚዑ፣ ገበርቲ እከይ ደቂ እከለ ምዃኖም ብሓደ ኤፍሬም ኩበርም ዝተበሃለ መዋዕልቱ በጽሐ። ‘ግርም፡ ከምዛ ኣነ ነጸላይ ብቐዝሒ ዝሓጸብኩዋ፡ ንክልተኦን እንተዘይ ኣሕጺበየን ኣይኣነን እየ’ ኩብል ፈከረ። ቀደሙ ኑዲሩ ከንፈሩ እንተነኸሰ፡ ካብ ኣቦሓጎኡ ኣቶ ይከኣሎ ይገድድ - መላሲ የብሉን። ከንፈሩ ኣትሪሩ ነኸሰ።

ምሸት ንጴጥሮስ ተንሰእ በሎ። ኣብ ሓንቲ ኣረጊት ዃጉድ ዝኣከቦ ቀልቀል ማይ ወሲኹ ከም ዝቖጥን ገበረ። ብድሕሪ’ዚ ንሓዉ ኣኹቲሉ ካብ ደምበኦም ወጺኡ ከዱ። ገበርቲ እከይ ደሓን ኣሎና እናበሉ ድማ ሰላሕ ኢሉ ኣትዩ ንክልተኦም ቡቲ ዘቃጠና ክፋእ ገጾምን ነጸላኦምን ጺያይቑዎም መሰስ ኢሉ ተመልሰ። ደቂሱ ድማ ክሰሕኞ ሓደረ። ተባኢሱ ተባኢሰ ኢልካ ምንጋር ኣይናቱን እያ። ማሕረስ ቀልጢፉ እዩ ጀሚሩ ንወላዲኡ ኣብርዩዎም። ኣብ ምግቢ ሰሰዕቲ የብሉን፣ ካብ ኣብ ብልዒስ ኣብ ስራሕ ይሰስዕ። ኣብ ናይ መውዳእታ ሕርቃን እንተበጺሑ፡ ልክዕ ከም ነትጉ እዩ ዝኮቱግ። ብድሕሪ’ዚ ዘጽነየ የብሉን። ቀደሙ ብቐሊል ዘይተሓዙ ብቐሊል ዘይዕተሩ ቀላጽም እዮም ነይሮም።

ጴጥሮስ ምንኣስ ዳኒኤል እዩ። ሓደ ግዜ ኣብ ገረብ ተሰቒሎም እናተጻወቱ ከለዉ፡ ዳኒኤል ተጋዳላይ ምዃንዶ ይሕሸካ ዋላስ ጦር ይብሎ። ጴጥሮስ ድማ ጦር ይመርጽ። ብድሕሪ’ዚ ዳኒኤል፡ ‘በል ንዓ ጦር እየ ካብ በልካስ ....’ ኢሉ ብምእሳር፡ ጦር ማሪኸ እናበለ ብሻሞጥ ሒሖት እናሓመጠ ንገዛ ሒዙዎ ይመጽእ። ‘ኢሂ’ታ! ስለምንታይ ደኣ!?” ተተባህለ፡ ‘ዝማረኽ ጦር’ምበር ዝማረኽ ተጋዳላይ ዶ ደኣ ኣሎ እዩ’ ኩብል መለሰ። ዳኒኤል ካብ ፈላማ ንውተሃደር ኢሉ ዝተፈጥረ እዩ። ተጻዋርነት ነይሩዎ። ኣብ ዝኾነ እዋን ንመታዓብይቱን መዛኡኡን ኩበድህ ይኽእል ነበረ። ገለ እንተ ተረኺቡ፡ ንዕኡ ኣምሪሑም እዮም ዝኸዱ። ከም ሱብ ኣብ ዘረባኡ ኩነ ኣካይዳኡ ዝሓሉ እዩ። ኣብ ጽንኩር ኩነታት ወይ ኣጋጣሚ ግና ይትኩስ’ዩ - ፈጣን ይቕየር። ቡተግ ኢልካ ናይ ምብጋስ ባህሪ ኣለዎ፣ ከም ኑብሪ ኣብ ሓጺር ርሕቀት ናህሩ ይውንጨፍ። ጠኒንካ ናይ ምእታው ባህሪ ኣለዎ። ኑቶም ትሕቲኡ ኣኪቡ ክበኣስ ከሎ፡ ክሃርሙዎ ቡትሪ እዮም ዝሸንጉጉሉ። ንሱ ድማ፡ ኑቲ ዘዝተሸንጎጉሉ ኣባትር ተመሊሱ ይሸንጉጎሎምን የባርሮምን፣ ብኣባትሮም የኳድዶም። ክጮምት ድማ ኣይንርኣየ። ሓቆም እዮም ምስ ተሰለፈ ቀጭ ሕርሙ ከዕጥቕዎ። ኣብ ካልእ እዋን እንተደኣ ኑቶም ምስኡ ዝኸዱ ረኺቦም እንተ ሃሪሞሞም፡ ንሱ እውን ኣይድቅስሎምን።

ኣብ 80ታት ካብ ኳዜን ኣንጊህካ ክትወፍር ወይ ኣምሲኻ ክትኣቱ ኣጸጋሚ እዩ ዝነበረ። ድፋዕ ጸላኢ ሰጊርካ እዩ ዝሕለፍ። ብፍላይ ምሸት ኣብ እዋን እቶ-እቶ ድንጉይ እንተደኣ ኢልካ ጸገም እዩ። ኣብ በረኻ’ዩ ምሕዳርካ። ኣብ ከም’ዚ ህሞት እምበኣር’ዩ ሓደ ዕለት በረኻ ምስ ወዓሉ ዝመሰዩም። ዳኒኤል ፈጺመ ንድሕሪት ኣይምለስን እየ ይብል። ገለ ምስኡ ጠበቑ። ገለ ግና ተወላወሉ። ክሰግሩ ኣብ ፍርቂ መንገዲ ምስ በጽሑ ድማ፡ ተኾሰ ተተኩሰ። ኣሰር ዳኒኤል ዝሓዙ ገዛኦም ሓደሩ፣ እቶም ካልኦት ግና ንድሕሪት ተመልሱ።

ዳኒኤል ብድሌቱ ምስ ኣስመሮም ኪዳን፡ ሰውእ ማና ጉብረክርስቶስ፡ መኰንን ተስፋይ ዝተበሃሉ ብጾቱ ብ01/1984 ተሰለፈ። ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊ ድማ ተመደበ። ነዊሕ ብረት እዩ ዝፈቱ ነይሩ፣ ከም ባህጉ ድማ ቀጭ-ሕርሙ ክዓጥቕ ከኣለ። ናጽነት ምስ ኩነ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝበሰየ ጠያይትን እስኬጅን ዘሰዓበሉ ሰልማት መውጋእቲ ሒዙ ኣተወ። ዳኒኤል ኣብ ናይ ወያነ ወራር ክኾትት ከሎ፡ መታዓብይቱን ኣብ ሜዳ ምስኡ ኣብ ሓደ ኣሃዱ ዝከበረትን ተጋዳሊት ኣብርሃጼን ርእሶምን ረኺቡዎ። “ንስኻስ ኮፍ ዘይትብል፡ መን ንዓኻ ዘይከተትካ ኢሉ ዝሓምየካ ኣሎ፣ ኣይብስንክልና እንዲኻ ተጣይስካ፣ ብዓቢኡ’ውን ኣብ ኣፍ ሞት ኢኻ ዘለኻ” በሉዎ ኣብርሃጼን። ኣቐዲሙ ነታ ኣብ ኣፍ-ልቡ ኣትያ እተሳቕዮ ዝከበረት እስኬጅ መጥባሕቲ ክጉብራ ምስ መደበ፡ ንህይወቱ ኣሰጋኢ ምዃኑ ፈሊጡ ኣቋሪጹዎ ነይሩ እዩ። ምኽንያቱ ሕክምና፡ “ክነውጽኣልካ እንተደኣ ኩይና፡ ክትሰዋእ ተኽእሎ ኣሎ - ኣብ ሓደገኛ ቦታ’ዩ ዘሎ” ኢሎ’ሞ ነይሮም እዮም። ብጀካኡ እውን ካልእ ዘይወጽአ እስኬጅታት ነይሩዎ’ዩ። ስለዚ’ያ ጓል ርእሶም ከምኡ ዝበለቶ። ንሱ ግና፡ “ሕንጫላት ቈልዑ’ኳ እናኾዱን እናተሰውኡንሲ ኣነ ኣብ ኣፍ-ሞት ዘለኹ ኮፍ ክብል። ታሪኸይ መሊኣ ክስዋእ ኣለኒ” በላ። ከም ሰቡ ድማ ኣብታ ዝከበራ ኣሃዱ 1ይቲ ብርጌድ ናይ 381 ኣብ ከባቢ ገምሃሎ ተራእየ።

ኣብኡ እውን ነታ ዘፍቅራ ቀጭ-ሕርሙ እዩ ዓጢቑ። ከም ገዲም ተጋዳላይ ድማ ክሕዞ ዝግባእ ሓላፍነት ክወሃቦ ተጸወዐ። ንሱ ግና ኣቕበጸ። ዳኒ ቀጭ-ሕርሙ ሒዝካ ምውጋእን ብተመልከተለይ ጸላኢ ምቑላብን እዩ ዝበርሆ። ስለዚ፡ ንዝተዋህቦ ሓላፍነት ኣቕበጸ። ኣብቲ ወራር ብፍላይ ኣብ 2ይ ወራር ድማ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ተሰውአ። ብጀካ እቶም ብቦምባን ብኻልእን ዝቐተሎም ድማ 32 ወተሃደራት ብተመልከተለይ ኣውደቐ። መራሒ ቦጦሎኒኡ ክሸልሞ እናተዳለወ ግና ቀዲሙዎ ተሰውአ። ጅግና ወዲ-ክፍለ ታሪኹ መሊኡ በጃና ሓለፈ። ነታ ኣብ ኣፍ-ሞት ዝከበረት ሩሑ ትልኽ እናበለት ከምተበርኽት ገይሩዋ። ዝያዳ ዝቐደመ ንዝደሓሩ ኣርኣያ ብምዃን ሓሊፉ።





ዲዛይን፡ ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ፡ ሳሚኤል የውሃንስ
ኣብርሃም በየነ

# 19 ሰነ 2019












# 20 ሰነ 2019

ዲዛይን፡ ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ፡ ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ታእዛዝ ኣብርሃ





















# መልእኽቲ ካብ ብጾት



ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ከመይ ኣለኹም ደቂ መስርዕና? ከመይ ኣለኹም ደቂ ጋንታና? ደቂ ሓይልና ደቂ ቦጦሎኒና፡ ወርቂዶ ኣለኹም? ግርም ግርም! ስርናይ ይግበረልኩም። ተቐበሉ መልእኽቲ፡ ካብ ብጾትኩም ሰማእቲ፡ ካብ'ቲ ምዉቕ ሰፈር፡ ዕርድታት ዘኢትነገር፡ ካብ'ዚ ካብ ፊደል T ዕርዲ ደንደን፡ ካብ ቦሊቦል ማይ ካላሽን፡ ካብ ፋርኔሎ ታባ ሰላም፡ ዕርዲ ቴስታ ድፋዓት ላጅኢን፡ ከመይ ኣለኹም ሱብ ሰዋሩ፡ ግሎብ ምስ እንዳ ሲጋ፡ ሱብ ወድጋን ታባ ተኣማመን፡ ሃጸይነት ተከል፡ ግሎብ ምስ ቦሊቦል? ናብራ ድሕሪ ገድሊ ተኻኢሉዶ? ልዕሊ ምድሪኸ ቀደዩኩምዶ'ሎ? እቲ'ኳ ኣብ ገድሊ ከለና፡ ኣዒንትና ክንዮ ጸላም ሰዲድና፡ ንበሃሃሎ ዘከበርና፡ ትዝክሩዎዶ ከማና? "ናጽነት ሕልና ቈንጢሩ፡ ድልየታት ደርዲሩ፡ ካብ ኪዳን እዩ ዘርሕቐካ'ሞ፡ ካብ ሕጂ ደኣ ነለልዮ፣ ካብ ገድሊ ንናጽነት፡ ከድሊ ምስ ሱበኑት፡ እዩ ዝብርትዕ እሞ፡ ካብ ሕጂ ደኣ ንግጠሞ. . ." እናተበሃሃልና፡ ቃል ክንኣቱ ከለና፡ ከም'ቲ ኣብ ገድሊ፡ ነዚ ከቢድ ቃልሲ፡ ክኢልኩሞዶ፡ ዋላስ ኢድኩም ሂብኩም ድሮ መሲልኩሞ?

ኣቱም ጎርቢ ኩናት ዕላበርዕድ፡ መንፈስኩም ብገሃነም ዘይርዕድ፡ ሱብ መዓሚደ ደቂ ማይ ዒን፡ ብሓንሳብ ዝዓመምኩም ከበሳን መታሕትን፡ ንሕና'ኳ ወትሩ ኢና ነልዕለኩም፡ ዓጽመ ሲጋና ኣብ ትሕቲ ምድሪ ይጸናጸን፡ መናፍስና ኣብ ህዋ ይሰራሰር፡ ሰሰናዩ ኢና ንምዃልኩም፡ ሸቑርር ንብል እሾኽ እንክወግኣኩም፡ ብናፍቖት ንሕመስ፡ ኣብ ዝበዝሐ ኸኣ ንሕጎስ፡ በዓል እከለ እንክጠልሙ ቃል፡ ሃንደበት ቁጥዕ-ቁጥዕ ንብል፡ ንናፍቕ ከኣ ዝናርና ዕጥቅና፡ 'ታ ናይ ማህደርና ሰታሪት፡ ተፈታዊት ብስክሊት። 'ታ ደቃቕ ንበረት፡ ተኪጣን ለጊጣን ዘልበሰት፡ መርፍእ ገድሊ፡ ብሉይ ዘይተባሊ። ኣላዶ'ታ ዋና ዕጥቂ ጭፈታ፡ መናብርቲ ቀርበት ገድሊ ዘፈጠሩ፡ ሰጥመት እተደልድል ወጊኣ ኣጣቢቃ? - ሰላም'ባ ትብለኩም ጥውዮ ነጸላ፡ ሓቕ ዝሰተየት ጉራምራ ምስላ፡ እቲ ሽዑ ምሳና ምስ ተበሰዐት፡ ንሓዋሩ ምሳና ምስ ተቐብረት፡ ኣላ ምሳና ተዳዊሳ፡ ናብ ሓመድ ተቐይሩ፡ ዓጽመ ሲጋና ጠቕሊላ፡ ተማምቑና ብዓቕማ። ግናስ ንናፍቕ ናይ ቀደም ምስላ፡ እቲ'ኳ ኣብ ዝጣንና ከላ፡ ሃልሃልታ እናሸልበቦ፡ ዓረር እናበሳሰዖ፡ ንጸው ነጀው ከኑበላ፡ ሓወልቲዶ ገይርኩምላ፡ ዋላስ ንቡር ጨርቂ'ያ ዘላ? ኣታ ናፈቕናኩም ካላእ ይናፍቀ፡ ዘላን ጉያን ንሃርፎ፡ ሕሉፍ ብጻይነት ንምኣዮ፡ ወግሐ ጸብሐ ንፈጣሪ ንልምኖ፡ ረመጽን መስዋእቲን ክንደግሞ፡ ሕሉፍ ምረትን ብጻይነትን ክንምልሶ።

ኣታ'ዚ ናፍቖት ክንደይ ይብርትዕ፡ ካብ ድሩቕ ኣዒንትናስ ኣይሂ የንብዕ! ሸዳናኸ ከም ሓወልቲዶ ኣቐምኩሞ፡ ምስ ልግቢጋቡን ኳኹቶኡን ኣንቢርኩሞ፡ ኩሹኽና ሚላኖና፡ ብራሾና ካላሽንና፡ ኩሉ ይረኣየና። ትብዓት ምስ ተወፋይነት፡ ምጽማም ምስ መስዋእትነት፡ ተሰፋ ምስ ብጻይነት፡ ኩሉ ንናፍቕ፡ ንደፋነቕ'ሞ እናሻዕ ንሰምዮ። ግን ከኣ ንሕጎስ፡ መንፈስና ይሰራሰር ብደሰደሰ፡ 'ጸበጣን ቅብጸትን ተረሲዑ፡ ጽጋብን ጠሊን መሊኡ' መግብና መግቢ ሰውራ፡ ወዮ ሓምሊ ጊደበሉ ሓምሊ ርጅላ፡ ኩይኑ ቈጽሊ በረኻ' ምስ ሰማዕና፡ ብታሕጓስ ጥርንቕ ኢልና፡ ነመስግን ንፈጣሪና፡ ነመስግኖ ንቐብርና፣ 'እንቋዕ ፈጠረሎም' ንብል፡ ናጽነትና ድማ ንጽምብል።

ግናስ እንሓንሳብ ንፋስ ናጽነት፡ ዘይባህሪኡ ግዛዕ ሒዙ እንክሸብብ፡ ዘይባህሪና ሽገርገር ንብል፡ ቅሳነት ንስእን - የዕገርግረና ሸቐልቀል፡ ብጠገለ ዘይብሉ ፈርዶግዶግ፡ ናሕስና እንክድግዶግ፡ ምሒር ነስተማስል፡ መንነት ከኑጥልል፡ ብዓዱምና ነንቃዕርር።

ደቂ ጉጅለና ከመይ ኣለኹም? እሳት ለልዩ ካባና ዘትረፈኩም፡ ከመይ ኣለኹም ምስልና፡ ውጻእ መዓት ጸወይቲ ዛንታና፡ ሳሕቲ ዘይቅዱው ሕሹኽታ ንሰምዕ'ሞ፡ 'በዓል እከለ ሱብ ኩይኖም፡ ክንዮ መትከል - ምስ ምንባር ወጊኖም፡ ወርቃዊ ታሪኽ ውሒጦም፡ ናብ ጽውጽዋይ ዘቢሎም. . ." ይብሉና'ሞ፡ ሕልሚ ከይከውን ደጋጊምና ንትርጉሞ፡ ንጉሂ'ሞ ንጣዕሳ ግን ኑሳጉ፡ ጸርጸር ንብል'ሞ ሕርቃንና ንነስሞ፡ ኩተያ ንጽበ ካብ ሱብ ሕልና፡ ትሕቲን ልዕሊን ናሕሲ ማዕረ ክኹነልና፡ መትከል ክኸውን ጠማሪና፡ ናይ ሓባር ክኸውን ሃብትና።

ከመይ ኣለኹም ሱብ መርኩብና ዕርዲ ትክሰ፡ ሱብ ታባ ውፉያት ምስ ሪጎለ፡ ዕርዲ ሓሙኽሽቲ ሓጻውን ኣንደብ፡ ደቂ ሃጺይነት ተከል፡ ታባ ውፉያት ምስ ሳልፈር፡ ኣቱም ሱብ ጥግሕ ማይ ካላሽን፡ ደምቦቤት ምስ ኢትትሃመል፡ ሱብ ማይ ማእ ኣናብር ኣውገት፡ ጉላጉል ክራይ ምስ ዓራታት፡ ዕርዲ እንዳ ቡምባ ምስ ሳይበርያ፡ በሃራት ድፋዕ ኣውቶብስ ምስ ኒያላ፡ ደሓንዶ ኣለኹም ሱብ ኪዳንና፡ ኪዳን ደመ-ትንፋስና፡ ኪዳን መትከል፡ ኪዳን መዋእል፡ ግርም ወረ ኢና ንሰምዕ፡ ብሓድግና ንኹርዕ፡ ጸላም ብብርሃን ተተኪኡ፡ መንነትና ተኾሊዑ፡ ሃገርና ተፈሊጡ፡ ዶብና ብደም ተሓንጺጹ፡ ካብ'ዚ ንጸወሲ ንደልዮ'ኳ የለ፡ ከምኡ'ዩ መሊኡ ናይ ጎዳጉድና ወረ፡ ማሕረ-ማሕረ. . .፡ ግርም ኩነ መዓረ፡ እንቋዕ ናብ ብርሃን ተሰግረ፡ እንቋዕ ህዝብና ተደረረ።

ጽቡቕ ኢና ዘለና፡ ልዕሊ ምድሪ እናቋመትና፡ ረስኒ ምድሪ ከነቕልል፡ ኣብ'ዞም ኣግራብ ነጽልል፡ ድርኾ እናኾብሉና፡ ንመቕሎም ካብ ሰትሪ ደምና፡ ኣብ ትሕቲኣም ወኻዕካዕ ንቀባበል፡ ብትዝታ ገድሊ ሽለው ንብል፡ ጎበዛይን ሃብሮምን ንዝክር፡ ዕርድታት ፍቕሪ ንሰእል፡ መንፈስና ኣትሪርና ንዘልል።

ከመይ ኣለኹም ተናፈቕቲ፡ ከመይ ኣለኹም ፍቱዋት ተጋደልቲ፡ ኣለኹምዶ ከም ቀደም፡ በዓል ሕጹብ መዓንጣ በዓል ሽደን፡ ትጽመሙዶ ከም'ቲ ናይ ገድሊ፡ ጓህሪ ተጽሒዩ ብዓቕሊ፡ ዝቡል ተቐንዐ ብዕሊ፡ ሰሰዐ ትልውጡ ናብ ልግሲ፡ ንሓሶት ትቐጽዑ ብሓቂ? ኣለኹምዶ ከማና፡ ትጽንብሩዎዶ ደምኩም ምስ ደምና? ትጸውይዎዶ ንህዝብና? - ንሕና ደኣ ቀድዩና ኣሎ፡ ኣንፈትኩም እንክቐንዕ ንኹሉ ንኽእሎ።

ግናስ ኢንታ ምጻር እናሰኣና፡ ንኹሕኩሕ ንላዕሊ ገጽና። ተጸናጺኑ'ሞ ደሃይና፡ ሕሹኽታ ኣለዎ መንፈስና፡ በቲ ዘይሰመረ ዝን ክንብል፡ በቲ ዝጠለመ እንክንሓምም፡ መንፈስና ይግዕር፡ ኣዒንትና ይነጥር፡ ጸላም ይኸድነና፡ ንጸልኦ ሰፈርና።

ደቂ እሙን ዕርዲ፡ መቕሊ ሱብ ጎዳጉዲ፡ ንፈርህ እወ ስጋ ከየሕምኞ፡ ጽኑዕ ጉልባብና ከይዓርቕ፡ ሕልና ደቒቑ ከሰዐ ከይሃጥር፡ ምስጋና ተለ'ጊሙ ምስ እኽሊ ከይንበር።

ኣለኹምዶ ሱብ ቅያ፡ ዝፈንጠስኩም ዳስ ሓውያ፡ ብፍሽኽታ ትሰግሩ ንመጋርያ፡ ግብሪ ዝሰልጠኩም ካብ ጽውያ፡ ኣብ'ቲ ረዚን መዓልቲ፡ ቀብዕኩም ኣውጺእኩም ክትደንኑ ንዘኽሪ፡ ብሓበን ዘጢጥና፡ ፍሽኽታ ንለዋወጥ ሓድሕድና፡ ኣብ መንገቲ ወግዒ፡ ጸሎት ረዚን ኩብሪ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ህዝቢ፡ ጽንፈ ልቡ ዝጽሊ፡ ቅሳነት ዝህበና፡ በዓል ምሉእ ሕልና፡ ክርዳድ እናጠመትና፡ ንውሑዳት ካልኢታት ምጽዋር ስኢኑ፡ ተብተብ ዝብል ክጽብጽብ ንዋዩ፡ ረጥሪጡና ዝዕዝር ኣካሉ ኣትሪፋ፡ ምስ ገንዙብ ዝሓመመ ሕልና ነጊፉ፡ ከኣ እናረኣና እናሰማዕና፡ ከም'ዛ ዘይፈልጠና፡ ግልጽ ዘይብለና፡ ከም'ዚ ከምኡ ጎፍ እናኩበለና፡ ኣቤት እንኹና እንተ ትርእዩና፡ ኣቤት እንሽቑረሮ ሞት ንኸይመጽኣና፡ እንቋዕ'ኳ መቓብሩ ኣይኮነ ምሳና፡ መንሽሮ ጋህሲ ኣቢይ ክንጻወሮ ኢልና!

ከመይ ኣለኹም ደቂ ማይ ላባ፡ ሱብ ሳሊና ጠያይት ርእሲ ምድሪ፡ ጸጥ ዘበልኩ'ሞ ማያት ቀይሕ ባሕሪ፡ ሱብ ፍልፍል ግንባር ሰሓርቲ ብኾላ፡ ሱብ ምዝላቕ ኑቲ ርሑቕ ዝላ፡ ጭልም ንብል ኣለና፡ ኣዒንቲ መንፈስና ተኺልና፡ ነቐፌታ ከይትርስዑ፡ ካብ ንጽሃት ከይትፍርጥጡ፡ ከከም ኢድካ ከይከውን ግዜኡ፡ ጎዳጉድና ከየንቀጥቅጥ ተቑጢዑ፡ ዓለም ከይትግልበጠና፡ ከይንቈት መቓብርና።

ሱብ ጋሕያት ቦኽሰ ቢሮ፡ ሓራሰ ሓርማዝ ጎልጉል ናሮ፡ ሱብ ታባ ዓሰርተ ሱብ እንሰ፡ ሱብ ኩብይ ሱብ ገረግር፡ ምቃል ጎድንና ደቂ መሮር፡ ከመይ ኢልና ክንርስዕ - ንሰኻትኩምዶ ትርስዑ፡ ኣብ ረመጽ ትሰዕሰዑ፡ ሓራሰ ኑበሪ ተግሮዑ፣ ዛንታ'ኹም'ዩ ዓለምና፡ ድፋዕ ቀደም'ዩ ቤትና፡ ኣየ'ወ'ቲ ሂወት፡ እምነት ምስ ግርህነት፡ ፍቕሪ ምስ ጽንዓት፡ ልግሲ ምስ ብጻይነት፡ ጽጋብ ምስ ጥሜት፣ ጽምጽም በረኻ ተኸትሙ፡ ንሞት ተህድሙ፡ ክንዲ ሱብኩም ትደኽሙ፡ ክንዲ ህዝብኹም ትሓምሙ፡ ኣብ ክንዲ መሬት ዘጋሕ ትብሉ፡ ክጸንሕ የብሉ፡ ክኑበር የብሉ!

ናብራ ድፋዓት ናብራ ሳሕል፡ የዘክረኩምዶ እቲ ሓጻውን፡ ኣብ ኣዕጽምትኹም ጨርባሕባሕ ክብል፡ ሰጋኹም እናተርተረ ክዘዋወር፣

ዓረር ኣብ ኣካልኩም፡ ናጽነት ኣብ ዝጣንኩም፡ ጸይርኩም ዝኣተኹም፡ ጥዑም ብስራትኩም፣ ከም'ቲ ናይ ሳሕልዶ ትነቕሑ፡ በለጽን ተንኮልን ተቃልዑ? እንሓንሳብ ትኽስ እንክትብሉ፡ መንፈስ ገድሊ ንፈርሓሉ፣ ምጽማም ብሃደምደም፡ ትብዓት ብኽድዓት፡ መስዋእትነት ብሞት፡ ዕላማ ብረብሓ፡ ብጻይነት ብበለጽ፡ መትከል ብሰንከልከል፡ ጭርቃን ብሕሜታ፡ ወዮ ዋዛ ብቆየቛ፡ ከይድወን ንሽቑረር፡



ናብ ገጽ 12 ይቕጽል

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ


© Getty Images

## ጁቬ፡ ንፖግባ ክመልሶ'ዩ

ኢጣልያዊት ጁቬንቱስ ንፈረንሳዊ ኣከፋፋላይ ማንቸስተር ዩናይትድ ፖል ፖግባ ንምፍራም ኣብ ዝተዳለወ ዘሎ ቅልስ ከም ትዕወት ብርእሰ ተኣማንነት ገሊጻ። ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ክወጽእ ምኳኑ ብሰፊሑ ዝንገረሉ ዘሎ ፖግባ፡ ካብ ጁቬንቱስን ሬያል ማድሪድን ተደጋጋሚ ጸውዒት ይቐርበሉ ከም ዘሎ ይፍለጥ። ይኹን'ምበር ፖግባ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ናይ ምውጻእ ድሌቱ እንተሰሚሩ ናብታ ካብ 2012 ክሳብ 2016 ዝተጻወተላ ጁቬንቱስ ክኸይድ ምኳኑ ምስዚ ተጻዋታይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ይሕብሩ።

ብመሰረት ጋዜጣታት እንግሊዝ፡ ጁቬንቱስ ነዚ ተጻዋታይ ናብ ቱሪን ንምምጻእ ዝኾነ ዋጋ ክትከፍል ተዳልያ እያ ዘላ። ዩናይትድ ዋጋ እዚ ኣብ ሓደ እዋን ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ዝበረ ኣከፋፋሊ 150 ሚልዮን ፓውንድ ምዃና'ያ ትገልጽ። ጁቬ ንፖግባ ኣብ ምምጻእ እንተደአ ተዓዊታ ኣብ ልዕሊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ጥራይ ካብ ምምርኳስ ክትገላገል ከም ትኽእል ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ኢጣልያ ይሰማምዑ።

ፖግባ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ኣብ ከተማ ቶክዮ ብዞዕባ መጻኢኡ ኣብ ዝተሓተተሉ "ኣብዚ ዝሓለፈ ወቕቲ ድሕሪ ዘጋጠመኒ ኩሉ መሰናኽላት፡ እዚ ግዜ ካልእ ሓድሽ ብድሆ ዝፍትነሉ ጽቡቕ ግዜ ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኒ" ክብል ምምላሱ ዝመጽእ ወቕቲ መዕረፊኡ ኦልድ ትራፎርድ ክኸውን ከም ዘይክእል ብዙሓት ይሰማምዑ። በዚ'የን ከኣ ጁቬንቱስን ሬያል ማድሪድን ድሌት እዚ ተጻዋታይ ብምርዳእ ክውንነኡ ዝጽዩ ዘለዋ።

ፖግባ ዝሓለፈ ወቕቲ ማልያ ዩናይትድ ወደዩ 16 ሽቶታት ከመዝገበ ከሎ 11 ንሽቶ ዝኾና ኩዕሶ ከኣ ከም ዝሰርሐ ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ምሉእ ወቕቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ብዘንጸባረቐ ብቕዓት ምስ ቀዳሞት 11 ብሉጻት ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ ክስመ ከም ዝኸኣለ ኣይርሳዕን። ፖግባ እቲ እንኮ ካብ ተጻወትቲ ሊቨርፑልን ማንቸስተር ሲቲን ወጻኢ ኣብዚ ዝርዝር ዝኣተወ ተጻዋታይ'ዩ። ይኹን'ምበር ብፍላይ ኣብ ምውዳእ እዚ ወቕቲ ኣብ ሜዳ ብዙሕ ክሽገር ተራእዩ'ዩ።

ፖግባ ምስ ዩናይትድ ገና ናይ ክልተ ዓመት ውዕል ኣለዎ። ምስ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ሞሪኖ ኣብ ከቢድ ጥምጥም ወዲቑ ዝነበረ ፖግባ፡ ኣብ ጁቬንቱስ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ሰለስተ ናይ ሰሪ ኣ ክልተ ኸኣ ናይ ኮፓ ኢጣልያ ጸዋእ ከም ዝዐተረ መዛግብቲ ኩዕሶ እግሪ ኢጣልያ ይገልጹ። ብመሰረት ኣብ መንጎ ዩናይትድን እዚ ተጻዋታይን ዘሎ ስምምዕ ፖግባ ዋላ'ውን ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ እንተወጸ 3.7 ሚልዮን ፓውንድ ናይ እምነት መቐጸሊ ክወሃቦ ምኳኑ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ዝወጹ ሓበሬታታት የረድኡ።

እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ ሰበ ስልጣን ማንቸስተር ዩናይትድ እቲ ተጻዋታይ ብወግዒ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ክጸንሕ ከም ዘይደሊ ምዝራቡ ከም ዘቐሰናም ብገለ ወገናት ይግለጽ'ዩ። "እዚ ተጻዋታይ ምስዛ ጋንታ ኣብ ዝህልወሉ ቅሳነት ተረኺቡ ኣይፈልጥን" ይብል ሓደ ሽሙ ክገልጽ ዘይደለየ ሓላፊ ዕድጊ ሬድ ዴቨልስ።

ኣብ ወርሒ ኑሓሰ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ወከል እዚ ተጻዋታይ ዝኾነ ወሩይ ደላሊ ሚኖ ራዮላ ነቲ ተጻዋታይ ናብ ባርሰሎና ንምጽንባሩ ዝርርብ ከም ዝጀመረ ዝፍለጥ'ዩ። ቅድሚ ኣርባዕተ ወርሒ ናይዚ ፍጻመ'ውን ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ሲቲ ወከል ናይዚ ተጻዋታይ ንፖግባ ትደልዮ ዲኻ ኢሉ ከም ዝሓተቶ ብግልጺ ተዛሪቡ ኔሩ'ዩ። በዘን ካልእን'ዩ እምብኣር እዚ በዓል ስልጣን ዕድጊ ዩናይትድ ብፖግባ ቀሲናም ከም ዘይፈልጡ ዝሕብር ዘሎ።

ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ዝነበረ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ንዝነበረ ህሉው ብቕዓት ፖግባ ኣብ ግምት የእትዩን ካብ ከምዚ ጸገማት ንምርሓቕን ኢሉ ኣብ 2012 ናብ ጁቬንቱስ ከም ዝሸጦ ድማ ብዙሓት ይሰማምዑ። ኣብቲ እዋን ጁቬንቱስ ነዚ ኣብ መሰልጠኒ ማእከል ዩናይትድ ዝዓበየ ፖግባ 800,000 ፓውንድ ጥራይ ከፊላ'ያ ወሲዳቶ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ከኣ 100 ሚልዮን ኤሮ ከሲባ ንዩናይትድ መሊሳቶ። እንሆ ሕጂ ድማ ዩናይትድ ገዚባ ትመልሰሉ ግዜ ዝኣኸለ ይመስል። ዩናይትድ ነዚ ተጻዋታይ ክትሸጦ ከም ዘይተኣትዉ'ኳ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት እንተተገለጸ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ደገፍቲ እታ ጋንታ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ውሳነ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ቅኑዕ ምንባሩ ይገልጹ ኣለው።

ገለ ገለ ክኢላታት ቁጠባ ዩናይትድ ንፖግባ ክትሸጦ ከም ዘይብላ ክትሸጦ እንተደአ ወሲና ኸኣ ኣብ መውዳእታ ደቓይቕ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ክተፍንዎ ከም ዘለዋ ይመኽሩ'ዮም። እዞም ክኢላታት፡ ዩናይትድ ናብ ኤሽያን ደቡብ ኣመሪካን ኣብ ትገብሮ ናይዚ ክረምቲ ዑደት ካብ ሸያጥ ማልያ፡ መወልትን ካልእ መወዓውዒታትን እዚ ተጻዋታይ ብርክት ዝበለ ገዚብ ክትረክብ ትኽእል'ያ ብምባል'ዮም ንሓሳቦም ዘራጉዱዎ።

ብዘይካ'ዚ ፖግባ እቲ ዝለዓለ ማለት 35.2 ሚልዮን ናይ ኢንስታግራም ሰዓብቲ ዘለውዎ ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ'ዩ። ልዕሊ 10 ሚልዮን ሰዓብቲ ዘለውዎ ተጻዋታይ ዩናይትድ እንተደኣ ሃልዩ ሓላዊ ልዳት'ታ ጋንታ ዴቪድ ዲ ሄያ ጥራይ'ዩ። በዘን ካልእን'የም እምብኣር እዞም ክኢላታት፡ ፖግባ እቲ ዝለዓለ ኣታዊ ክርክቦ ዝኽእል ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ ምኳኑ ዝኣምኑ። ጁቬንቱስ ንክርስትያኖ ሮናልዶ 99 ሚልዮን ፓውንድ ሂባ ካብ ሬያል ማድሪድ ከተምጽኦ ከላ ዝ ቅማረ ኣብ ግምት የእትያ ከም ዘምጽኣቶ ብዙሓት ዝሰማምዑሉ ሓቒ'ዩ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

- እንግሊዛዊት ማንቸስተር ዩናይትድ ንተኸላኻላይ ክሪስታል ፓላስ ዋን ቢሳካ ንምፍራም ክብረወሰን መስርሕ ምስግጋር ተኸላኸልቲ ዓለም ክትሰብር ከም ትኽእል ይሕብር ኣሎ። ዩናይትድ ነዚ ተኸላኻላይ ንምፍራም ክሳብ 55 ሚልዮን ፓውንድ ክትከፍል ተቓሪባ'ላ። ማንቸስተር ዩናይትድ ንቢሳካ ንምፍራም ተበጊሖ ካብ ትወስድ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ'ዩ። በዚ'ዩ ኸኣ ሶልሻየር ነዚ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ ንምፍራም ክብረወሰን ክሰብር ከም ዝኽእል ዝሕብር ዘሎ።
- ኣሰልጣኒ ደርቢ ካውንቲ ዘሎ ላምፓርድ ንተጻወትቱ ኣኪቡ ናብ ቸልሲ ክኸይድ ከም ዝኽእል ሓቢሩዎም። ናይ ቅድም ኣከፋፋሊ ቸልሲ ፍራንክ ላምፓርድ ንቦታ'ቲ ናብ ጁቬንቱስ ዝኸደ ማውሪሰዮ ሳሪ ክትክእ ከም ዝኽእል ብሰፊሑ ክዝረብ ጸኒሑ'ዩ።
- ማንቸስተር ዩናይትድ ንኣጥቃዓይ ኣርሰናል ፔረ ኢመሪክ ኣቡሙያንግ ንምፍራም ተበጊሖ ትወስድ ከም ዘላ ተገሊጹ። ብመሰረት ሓበሬታ ቶክ ስፖርት፡ ዩናይትድ ነዚ ኣጥቃዓይ ንምፍራም 70 ሚልዮን ፓውንድ ቀሪባ ከም ዘላ ይግለጽ። ኣጥቃዓይ ዩናይትድ በልጅማዊ ሉካኩ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ከም ዝተፋነወ ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ ግዜ እታ ጋንታ ንደያብላን ኢካርዲን'ውን ተጣይቐሎም ከም ዘላ ይሕብር።
- ጆርጊንጆ ኣሰር ኣሰልጣኒኡ ዝነበረ ማውሪሰዮ ሳሪ ተኸቲሉ ናብ ጁቬንቱስ ክኸይድ ከም ዝኽእል ተሓቢሩ። እዚ ኢጣልያዊ ኣከፋፋሊ ኣቐዲሙ'ውን ንሳሪ ብምስዓብ'ዩ ካብ ናፖሊ ናብ ቸልሲ መጺኡ ኔሩ። ጆርጊንዮ ኣብ ቀዳማይ ወቕቲ ጸወታኡ 54 ግዜ ማልያ ቸልሲ ከም ዝለበሰ ይፍለጥ።
- ኣጥቃዓይ ፈረንሳዊት ፒኤስጂ ብራዚላዊ ነይማር ኣብ ከተማ ባርሰሎና መንበሪ ገዛ የጣይቕ ከም ዘሎ ተሓቢሩ። ወዲ 27 ዓመት ነይማር ካብ ፒኤስጂ ክወጽእ ምኳኑ'ዩ ዝሕብር። እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ ሬያል ማድሪድ ነዚ ተጻዋታይ ንምዕዳግ 115 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዝቐረበት ይግለጽ ኣሎ። ማድሪድ ንጋረዝ በይልን ጄምስ ሮድሪጌዝን'ውን ከም ኣካል መስርሕ ምስግጋር ነይማር ክትጥቀመሎም መዲባ ከም ዘላ ይሕብር።
- ጀርመናዊት ባየር ሙኒኽን እንግሊዛዊት ማንቸስተር ሲቲን ንወዲ 22 ዓመት ስጳኛዊ ኣከፋፋሊ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ሮድሪ ንምፍራም ኣብ ቅልስ ከም ዝኣተዋ ተሓቢሩ።
- ዌስትሃም ኣብዚ ወቕቲ ንበሉጽ ኣከፋፋሊኣ ደክላን ራይስ ከም ዘይትሸጦ ብወግዒ ኣፍሊጣ። እዛ ጋንታ ነዚ ወዲ 20 ዓመት ተጻዋታያ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድን ማንቸስተር ሲቲን ንዝመጹ ዘሎ ጸውዒት መኽተምታ ንምግባር'ያ ነዚ መግለጺ ዘውጸኣቶ።
- ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ኦሊ ጉናር ሶልሻየር ንወዲ 21 ዓመት ኣከፋፋሊ በርንማውዝን ሃገራዊት ጋንታ ዌልስን ዴቪድ ብሩክ ንምምዛእ ተበጊሖ ወሲዱ።
- ኣከፋፋሊ ሌስስተር ሃሪ ማጉዌር ገና ብዞዕባ መጻኢኡ ከም ዘይተዛረበ ተሓቢሩ። እዚ እንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድን ማንቸስተር ሲቲን ኣብ ምዝርራብ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕብር።
- ኢጣልያዊት ናፖሊ ንወዲ 30 ዓመት ሓላዊ ልዳት ኣርሰናል ዴቪድ ኦስፒና ከም ዘፈረመቶ ተገሊጹ። ናፖሊ ነዚ ኮሎምቢያዊ ሓላዊ ልዳት ብ4 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዘፈረመቶ'ዩ ዝሕብር ዘሎ።

## መሲ ንኣርጀንቲና ኣድሒኑዋ

ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ብረቡዕ ምሸት ኣብ ዝገበረቶ ናይ ምድባ ካልኣይ ጸወታ፡ ነጥቢ ተማቒላ ካብ ሜዳ ወጺኣ። ንሊዮኔል መሲ ዝሓቖፈት ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ድሕሪ ዕረፍቲ ብዘመዝገበታ ሽቶ'ያ ካብዚ ውድድር ብኣግኡ ካብ ምግላፍ ተገላጊላ ዘላ። ኣብዚ ጸወታ ፓራጓይ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሳንቸስ ብዝረኸበቶ ሽቶ ንዕረፍቲ መሪሓ'ኳ እንተወጸት ድሕሪ ዕረፍቲ ኣርጀንቲና ፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ ብምርካብ ሊዮኔል መሲ ኣመዝጊቡ ኣድሒኑዋ። ክሳብ ሕጂ ተኻዪዱ ብዘሎ ጸወታታት፡ ኣርጀንቲና ካብ ክልተ ጸወታታት ሓንቲ ነጥቢ ጥራይ ብምውሃላል ኣብ ራብዓይ ተርታ'ያ ተሰሪዓ ዘላ። እዛ ሃገራዊት ጋንታ ናብ ዝቕጽል ጸወታ ክትሓልፍ እንተደኣ ኮይና ሰንበት ኣብ ልዕሊ'ታ ተዓዲማ ናብዚ ውድድር ኣትያ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ቀጠር ዓወት ክተመዝግብ ኣለዋ። ሕጂ'ውን እንተኾነት እዛ ጋንታ ነዚ ክብሪ ክትብቅዕ ኣብ ልዕሊ ብሉጽ ተጻዋታያ ሊዮኔል መሲ ሓደራ ኣንቢራ'ላ። መሲ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ለቢሱ ኣብ ሸሞንተ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ውድድራት ተጻዊቱ'ሎ። እቲ ዘገርም እቲ ተጻዋታይ ኣብ ኣርባዕተ ናይ ፍጻመ ጸወታታት ተዓዊቱ ዘይፈልጥ ምኳኑ'ዩ። በዚ ኸኣ እዛ ጋንታ ሎሚ ዓመት ሓደ ቅያ ክሰርሕ ትጽበዮ'ላ። ኣሰልጣኒ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ሊዮኔል ስካሎኒ ድሕሪ'ዚ ግጥም ኣብ ክንዲ ብዞዕባ መሲ ንሓላዊ ልዳቱ ክምጉስ'ዩ ተሰሚዑ። "ኣብዚ ውድድር ምህላውና ዕድለኛታት ኢና። ፍራንኮ ፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ ኣድሒኑ ኣብዚ ውድድር ከም ንህሉ ጌሩና" ድማ ኢሉ። ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ብቐዳም ብሃገራዊት ጋንታ ኮሎምቢያ ከም ዝተሳዕረት ዝፍለጥ'ዩ። ስለዚ እዛ ጋንታ ናብ ዝቕጽል ጸወታ ክትሓልፍ እንተደኣ ኮይና ሰንበት ኣብ ልዕሊ ቀጠር ግድን ክትዕወት ኣለዋ። ኣብዚ ውድድር ዝኾነ ነጥቢ ምጥፋእ ንዛ ጋንታ ዘዋጽእ ኣይኮነን'ዩ። ኣብዚ ምድብ ሃገራዊት ጋንታ ኮሎምቢያ ብሽዱሽተ ነጥቢ መሪሕነት ክትሕዝ ከላ ሃገራዊት ጋንታ ፓራጓይ ከኣ ኣቐዲማ'ውን ምስ ቀጠር ማዕረ ተፈላልያ ብምንባራ ብኽልተ ነጥቢ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ኣላ። ኣብዚ ሃገራውያን ጋንታታት ደቡብ ኣመሪካ ኣብ ሰለስተ ምድብ ተኸፊለን ዘካይዳኦ ዘለዋ ጸወታ ቀዳሞት ክልተ ጋንታታት ብቐጥታ ናብ ዝቕጽል ግጥም ርብዒ ፍጻመ ክሓልፋ ከለዋ ክልተ ዝበለጸ ነጥቢ ዘለወን ናይ ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዛ ጋንታታት ድማ ናይ ምሕላፍ ዕድል ይወሃበን'ዩ።


© REUTERS



# ጸሓይና ኣብ ምብራቕ

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ
ጸሓይና ምብራቓ
ዓይናም ተደጒሖ
ጸርጊ ጩራ ጸሓይና ምርኣያም ኺሓ
ሰፆ ሰም ኣብሉዎም ንናይ ዓለምና
ኣርሒ።

ሻቡ. . .
ሰፆ ሰም እናበሉ
ዓይናም ምስ ተኸሉ
ኪንኡ ከስተብህሉ ስለ ዘይክኣሉ
"ናይ መን'ያ 'ዛ ጸሓይ ክንደዚ ትብርህ
መንከ ፈቒዱላ ዓይንና ኽትደጉሕ!"
ሕቶ ምስ ኣልዓሉ
መልሲ ውሓለ
"ናይቶም ዝተጋደሉ" ኮይኑ፣
ርእሲ ጒሓላሉ ናብ መሬት ደኒኑ
ፍጹም ኣስተንተኑ።

ሻቡ . . . ክድቅሱ ኽትስኣ
ዓይናም ምስ ተወግኡ
ዓቕሎም ተወዲኡ
ብቐትሪ ሓሊሞም ጸሓይና ከጥፍኡ።

ደመና ክፋእ ሰግለለት ጭንቂ
ጣቓ ጥፍኣት ዕምብረ ቅንኢ
ፈንጆም ብጻዕቂ
ህቦብላ ንፋስ ደርና ተገዳ
ዑብታ ትኪ ፈንጆም በድራጋ።

ጸሓይና ግን እዛ ጸሓይና ገድሊ
ሕልፊ ካልእ እዋን ደሚቓ ብዕሊ፣
በሎኽ ኢላ ካብቲ ደመና
ሰግለለት ከይሸፈና
መሰስ ኢላ ካብታ ጣቓ
ዕምብረ ሰንጢቓ።

ዚያዳኒ ደኣ በሪሃ
ህቦብላን ተገዳን ጋሊሃ
እንሆት ደማ ዓለማ ብዓለማ
ብድምቀት ጸሓይና ተገሪሞ።

እንተ እቶም ዘይብትከሎም ቅንኢ
'ቶም ሃንደስቲ ጽልኢ
ጸሓይና ምስ በረቐት ሰኢናም
መሕብኢ
ዓቕሎም ጸቢቡዎም ከም ናይ ረፋድ
ዝበኢ።

ብዘሰፋ ኣምባዘቕም
ንጌጋ ብጌጋ ኽድኑብሱ መሪጾም
ንሓቂ ቀቢሮም
ጸሓይና ኣብ ምብራቓ እንዳ ወሲናም።

***ሰወእ ተሰፋሂወት ገብረሂወት***

# መርሃይ ሰላማዊ !

እዚ መርሃይ መርሃዊ
ንጉስ ሰላማዊ
ድሙቕ ኮኾባዊ፣
ኣሎዶ   ይንቀሳቐስ
ብእትዋትን  ምልሶትን
ብለይትን መዓልትን
ኣብ ዙርያና ይዝምቢ
ነቢ ሰላም ህሉው ዓቢ።
ንገሩኒ ንምስሉ ዝቕባእ
ስለ ህዝቢ ዝተኸፍለ ሞባእ
እስከ ነዛ ሓንሳእ
ዘምሩ ንፍቕሩ
ኣብ ስግዳኑ ቁሙ
ክሕበን ብዘኸሩ
ከም ቀላይ ቪክቶርያ
ክዛሪ ሰፈሩ
ትንፋሱዶ ኣይኮንናን
ንኸይድ ብእግሩ።
ንስለ ቅሳነትን ሓቅን
ኣንጉድጉዱ ከም ነጎዳን በርቅን
ኮይኑ ራህዋን ጽድቅን
ልዕሊ ሰልማትን ጨርቅን
ልዕሊ ኣልማዝን ወርቅን
ልዕሊ ሉልን ዕንቍን
እንደዩ ዝኸበረ
ንስለ ምንባርና ዝሓበረ
ንስለ'ዛ ቤትና ዝወፈረ።
ንሱ ደኣ!
ኣሎ እንዶ ወትሩ ኣብ ዙርያና
ይጉዓዝ ምሳና
ክትጽብቖ ዘውድና
ከይድፈር ክብርና
ብዘይ ጣሕሸም ደርጉዕ
ዓይኒ ሃገር ብስሙ ንጽዋዕ።
ሰምዑ እንዶ
ኣንቱም ሓፋሽ
ናይ መን ድዩ'ዚ ኣየር
ናይ መን ድዩ'ዚ ንፋስ
ኣሎ እኮ ኣብዚ ክቢ
ኣሎ'ውን ኣብዚ ጠፈር
ምስሉ ዘይሕባእ
ኣብ  ልቢ ዝኹበር።
ናይ መን ድዩ እዚ ዓይኒ
ናይ መን ድዩ'ዚ ብርኪ እዝኒ
ንሱዶ ኣይኮነን ደመ-መትኒ
ብንግደት ምስ መጸ ምሳና ዝቖነ።
መርሃይ ሰላማዊ
ጸበባ መርሃዊ
ኣርማ ሓርነት ሰላም ሰላማዊ፣
ሓላው ወሰናስን ጎቦ ኩርባ
መርሃይ ሰላም ቀታሊ ጸበኡ።
ኣንታ መርሃይ ዓዱ
ቅድሚት ዝቐደመ
ንዓና ወኪሉ ዝሃጀመ
ጸራጊ ኩብኩብታ
ህበቡላ  ጸፍዒ
ሕላገት ዓወት ዋልታ ድርዒ።

***ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ -ሃሊቃ)***







# ፍቱወይ

ኣንታ በዓል ኣሓ - በዓል ጥወ
በትሪ
ጸንዕ ግምጃ ራህዋ - ተወላ
ሕድሪ
ኣበጦካ ክርእዩ
ምስ ተሃንጠዩ
ከምስሉኻ ምልኣት ባህግኻ
ሓቲቶም
ፍቓዶም መለእካ ሕራይ
ኢልካዮም፣
ሕጻናት ሓሊፉ ምስ ውዕወዕ
ጸወታ
ዕላል ስሓቕ ተሃጊፉ ላዛ ያታ።
ኣብ መንጎ!
ነጋሪት ክተት ኣደህዩ ንሃገር
ዋልታ
ነዛ ሓላል መሬት ሓጻሪ ደረታ
ሽግ ዓወት ኣብ ምቅልሖ
ወሸጠይ ብናፍቖት ጸሓዩ ኣዕሪቡ
ዘይቀሰነ ልበይ ኣብ ሸቓልቀል
ኣዘጊቡ።

ምኽኣል ኣብዩኒ፣ ሕውሰዋስ
ስምዒት ወጊኑ
እንታይከ ክዝብር የለን'ዶ ጥዑም
ኮይኑ
ፍረ ብርክና ብድሕሬኻ ዝኖኾሽ
ከይተላለኻዮ ባባ ከይመለኽ
ኮርታዕ ልሳኑ ኣጸርዩ ጸፈፉ
ነፊዑልና ምህሮ ብሽልማት ሓሊፉ
መጓጅምቲ ኮይኑኒ ጸርካ ኣራጊፉ።

ውዕሎኻ ተሃጊሩኒ ተፈሰህ
ዕልልታ ደርጉሐ
ኣሚን ጅግና ምኳነይ ኣቃሊሐ።

ሩሕካ ዘንጸፍካ ልዋምና ክብርክት
መጻኢኻ ዝመጠኻ ሰላምና
ክምእኩት
ከመይ'ለ ክጠልመካ ኣንታ ጹዓል
ህዝቢ
ኣብ መንፈስና ትኩበር ኣስተርሒኻ
ኣብ ልቢ።

ፍቱወይ፣ ፈልሲ ህላወ ኣብ
ወሸጥና ዝጸድቕ
መላኢ ጎደሎና ብትንፋስካ
ትጎድቕ
ምእንታና መጋርያ ዝመረጽካ
ሕሩይ
ሓላል ሞባእ - ሞባእ ልሉይ
ጽሩይ።

***ሚኪኤል ሃይለ***

# ምልክታ

እምነት ኣማኑኤል - በይሉል ገብረሚካኤል

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ወልደጊዮርጊስ ዘርአ ተስፋጼን ብወኪሉ ዓወት ተስፋማርያም ኣቢሉ፡ ወልደግዮርጊስ ዘርአ ተስፋጼን ምባል ተሪፉ፡ ወልዳይ ዘርአ ተስፋጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረብ።

ወ/ሮ ምጽላል ክፍላይ ወልዱ፡ ስም ኣቦይ ክፍላይ ወንዱ መብራህቱ ምባል ተሪፉ፡ ክፍላይ ወልዱ መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረብ።

ብሩኽ የማነ ኣስፍሃ ምባል ተሪፉ፡ ብሩኽ ግርማይ ፍስሃጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወለደርፌኤል ኣስመላሽ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ዮናስ ኣስመላሽ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣቶ ቴድሮስ ገብረማርያም፡ ኣቦይ ገብረማርያም ኪዳነ ገብሩ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮዚና ጁዘበ፡ ኣደና ጸሃይቱ ሓጎስ ዘምሉ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ት ሰምሃር ወልደገብርኤል ተስፋይ፡ ኣቦይ ወልደገብርኤል ተስፋይ ስለዝሞተ፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ገነት ገብረመስቀል ወልደሚካኤል፡ ሓፍተይ ነፍ/ ጽገ ገብረመስቀል ዝገደፈትለይ ለበዋ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳ ተስፋዝጊ ዑቀባእንድርያስ፡ ወለድና ተስፋዝጊ ዑቀባእንድርያስን ለተብርሃን ገብረስላሴን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰሰን በርሀ ገብረእግዚኣብሄር፡ በዓል-ቤተይ ብርሃነ ሚካኤል ሃብተሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ሰንበቱ ተኪኤ ዮኽረጽዮን፡ ሓፍተይ ኣስማይት ተኪኤ ብኽረጽዮን ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይ ተመናይ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ኣሮን ስመረ ገብረትንሳኤን ተኸሳሲት ወ/ሮ ፌቨን ብርሃነን ዘሎ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ክሲ ኮይኑ፡ ተኸሳሲት ብኣድራሻአ ክትርከብ ስለዘይተኻእለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸሃይቱ ሃይለ ተኽለ፡ በዓል-ቤተይ ሙሉጌታ ኣስማረ ምትኩ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ጺጋይ ካሕሳይ፡ በዓል-ቤተይ ባሀታ ኣስመላሽ ተስፋማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ገብረሂወት ሃብተ፡ በዓል-ቤተይ መንግስትኣብ ዓንዳይ ሓጎስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰላዕ ዳዕሮ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ለኣከ ተኽለ፡ በዓል-ቤተይ ፍጹም ተኽለገርግሽ ጸገ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሕምብርቲ

ቤተኤል ነጸርኣብ ኣብርሃለይ፡ ኣቦይ ነጸርኣብ ኣብርሃለይ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መቓርካ

ሓጎስ ሽቃ ጎሎም፡ በዓልቲ-ቤተይ ኣኽበረት ዘርኣይ ግርመ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸዓዘጋ

ኣቶ ዮውሃንስ ንጉስ ሓጎስ፡ ኣባሓጎይ ገዘሀይ ገብርኣብ ስለዝሞተ፡ ኣነ ንኣደይ ነ/ሄር ሰበነ ገዘሀይ፡ ተኪኤ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ 02 ከረን

ሙሉጌታ ጺጋይ ገብረሃንስ፡ ኣደና ለተኺዳን ኣርኣያ ሃይለ ስለዝሞተት፡ 6 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ መለብሶ

ኣምና መሓመድ ሰፋፍ፡ በዓል-ቤተይ መሓመድዓሊ ማሕመድ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ 1 ወደይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ሽሪዓ መንደፈራ

ዓብደልዋሰዕ በሽር ኑራሕመድ፡ ኣባሓጎና መዙ በሺር ሻጅር ስለዝሞተ፡ 4 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዓዲ ቀይሕ

ኣቶ ስራጅ ኣሕመድ፡ ኣቦይ ነፍ/ ኣሕመድ ሰዓድ ኣድም ኣብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ኣብ ፕሎት 42 ፓርሰል "ሲ" ዝርከብ 7 ክፍሊ ገዛ ምስ ሓደ ክሽን ሓደ ሽቓቕ ባኞን ዘጠቓልለ ብዕለት 28/3/2000 ብለበዋ ቃል ኑዛዜ ስለዝሃበኒ ይጽደቐለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘውዲ ተስፍኦም ቀሺ ምባል ተሪፉ፡ ዘውዲ ተስፍኦም ሃይለስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኀይትኦም ተስፋይ ተኽለሃይማኖት ምባል ተሪፉ፡ ኀይትኦም ተስፋይ ተኽለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ የማነ መንግስተኣብ ደስታ፡ ኣቦና ኣቶ መንግስትኣብ ደስታን ወ/ሮ ሙሉ ተስፋይን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ገነት ሃንስ ገብረዝጊ፡ በዓል-ቤተይ ገረዝጊሄር ገብረገርግስ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ልኡል እያሱ ኪዳኑ፡ በዓል-ቤተይ ተስፋሚካኤል ገብረመስቀል ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ውስኽ

ኣቶ ግርማይ ገብረሀይወት መለስ፡ ብዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ፈትየን ተስፋጋብር ብረ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሰንዓፈ

መብራህተ ሓደሽ ምባል ተሪፉ፡ መብራህቱም ሓደሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ድርጋኣለም ተሰፋ፡ ጓለይ ሉላ ጎይጸ ባህረ ስለዝተሰውአት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣባዲት ሃይለስላሴ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ሓጎስ ኣብርሃ ስለዝሞተ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ኣነ ምስ 4 ደቂ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዳምባ ምጭ

ወ/ሮ ሂወት ገብሩ ባይሩ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ መኮነን ተኽሉ ስለዝሞተ፡ ብስም ነፍ/ በዓል ቤተይ ዝኣተወ ሕሳብ መጠረቀሚ ቁጽሪ 39347 N0 406600 ገንዘብ ወይ ቡክ ብስመይ ክቕየረለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ኣብርሀት ክፍለማርያም፡ ሓፍተይ ራሀዋ ክፍለማርያም ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 7 ተተካእቲ ደቂ መዋቲ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/19 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ምልእተ በረኸትኣብ ተስፋጋብር፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ተኽለብርሃን ማኢል ተስፋይ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ፎደ-ዓናግሉ

ተስፋይ ሃይለን ገረዝግሄር ሃይለን፡ ወለድና ሃይለ ኣደልን ጥምቀቱ ሓንግልን ስለዝሞቱ፡ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ብዛን

ሓበን ጸገዝኣብ ተኸሰተ፡ ተኸሳሲ በዓል-ቤተይ ኣቶ መርሃዊ ዮናስ ካብ ገዛ ካብ ዝወጽእ ልዕሊ 2 ዓመት ድሃይ ስለዘይብለይ ጉዳየይ ናብ ዘመድ ሸማግለ ክምርሓለይ ስለዝበለት፣ ተኸሳሲ ን4/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ታደሰ ተኽለ

# መራሒ ፈረንሳ ነበር ብብልሽውና ይኽሰስ

ናይ ፈረንሳ ፕረዚደንት ነበር ኒኮላስ ሳርኮዚ፡ ቀረብሉ ዘሎ ኣብ መዝገብ እንክሎ ብልሽውና ከም ዝፈጸመ ዘመልክት ክሲ ክስረዝሉ ዘቐረቦ ይግባይ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከም ዝነጸጎ ተሓቢሩ።

ኒኮላስ ሳርኮዚ፡ ኣብ 2007 ንፕረዚደንትነት ኣብ ዝወዳደረሉ ዝነበረ ግዜ፡ 'ሎርያል' ናይ ዝተባህለ ኩባንያ ወናኒት ካብ ዝኾነት ሊልያን በተንኩርት ዝተባህለት ሰበይቲ ሕጋዊ ዘይኮነ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ተቐቢሉ ዝብል ክሲ ቀሪብሉ ኣሎ።

ብዘይካ ሳርኮዚ፡ ምስቲ ዝቐረበሉ ክስታት ብዝተኣሳሰረ ምኽንያት ከም ጠበቓ ኮይኑ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ክኢላ ሕግን ካልእ ፈራዳይን ተኸሰሶም ከም ዝቐርቡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ሳርኮዚ ኣብ 2012 ብምርጫ ተሳዒሩ ካብ ስልጣን ካብ ዝወርድ ንደሓር ሓያሎ ክስታት ቀሪብሉ ከምዝሎ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ንምርጫ ኣብ ዝወዳደረሉ ዝነበረ እዋን ካብ መራሒ ሊብያ ሙዓመር ቓዛፊ ተመዊሉ እንተኾይኑ እውን ይጻረ ከምዝሎ ኢዩም ምንጭታት የረድኡ።

ብመሰረት ሕጊ ፈረንሳ፡ ሳርኮዚ ኣብ ውድድር ምርጫ ፕረዚደንትነት ተወዳደርቲ ከውጽኡዎ ካብ ዝግባእ መጠን ገንዘብ ብዕጽፊ ዝዘየደ ገንዘብ (48 ሚልዮን ዶላር) ከም ዝሓሸሸ ዝገልጹ ክኢላታት ሕጊ፡ ከም ናይ ክሲ ነጥቢ ኣቕሪቦሙሉ ኣለዉ።

ሳርኮዚ ካብ 2017 ንነጀው ካብ ፖለቲካዊ መድረኻት ተገሊሉ ይነብር ከም ዘሎ ምንጭታት ይሕብሩ።

# ኣመሪካ ኢራንን ተጻራሪ መግለጺታት የውጽኣ



ትማሊ ንጉሆ ኣብ ከባቢ መጻብብ ሆርሙዝ ካብ ኢራን ብዝተወንጨፈ ሚሳይል ተወቒዓ ዝተሓምሸሸት ወተሃደራዊ ስለያ እተኻየድ ሰብኣልቦ ነፋሪት ኣመሪካ፡ ዝተሃርመትሉ ከባቢ ኣብ ዝምልከት ክልቲኤን ሃገራት በበይኑ ሓበሬታ ይሀባ ከም ዘለዋ ምንጭታት ሓቢሮም።

ኣመሪካ፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ሕዛእቲ ኣየር ኩሉላ እናኣካየደት እንከላ ከም እተሃርመት ክትገልጽ እንከላ፡ ኢራን ግና ኣብ ውሽጢ ክሊ ኣየራ ስለ ዝኣተወት ከም ዘውደቐታ ኣፍሊጣ ብምባል ጸብጻባት ሓቢሮም።

ንኣዚ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ዝጠቐሱ ምንጭታት፡ ምህራም ናይታ ሰብ ኣልቦ ነፋሪት፡ ናብ ኣመሪካ ዘቐንዐ ቅሉዕ መጠንቀቕታ ከም ዝኾነ፡ ዶባት ኢራን ቀይሕ ናይ መጠንቀቕታ መስመር ምዃኑን ሓቢሩ ብምባል የረድኡ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት ኣብቲ ኣብ መንጎ ኢራንን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብን ዝርከብ ጸቢብ ባሕሪ ሓያሎ ነዳዲ ዝጽዕና መራኽብ ብዘይተፈልጡ ናይ ባሕሪ ተወንጫፊን ክሀርማ ምጽንሐን ይዝከር። ኣመሪካ ኣብቲ ከጋጥም ዝጸንሐ ሓደጋታት ናይ ኢራን ኣድ ከም ዘሎ እኳ እንተሓበረት፡ ኢራን ግና ክትነጽጎ ምጽንሓ ይፍለጥ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ኣብ ማያት ወሽመጥ ዓረብ ዝረኣ ዘሎ ሓደጋታት ባሕሪ ምስ ኢራን ናብ ወተሃደራዊ ወጥሪ ናይ ምእታው ድርኺት ከም ዘይብሉ ኣብዚ ቕንያት እዚ ክገልጽ ከም ዝቐጸ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ እዚ ትማሊ ዝተፈጥረን ኢራን ዝተኣመነትሉን መጥቃዕቲ ካልእ ምዕባለታት ክፈጥር ከም ዝኽእል ይእመት።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን እውን ኣብ ማያት ሆርሙዝ ኣብ ልዕሊ እታ ዝተሃርመት መርከብ እናዝማዕደት ሓበሬታ ትእክብ ናብ ዝነበረት ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ካብ ኢራን ዝተተኩሰ ተወንጫፊ ከም ዝሰሓታ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ 2011 ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ኣፍጋኒስታን ዘበጋሳ 'ከይተመልሰት ጠፊኣ' ዝበላ ሓንቲ ሰብ ኣልቦ ናይ ስለያ ነፋሪት፡ ኢራን ከም ዝማረኸታ ገሊጻ ነይራ። ዓሚ ኣብ ክሊ ኣየር እስራኤል እናበረረት ተሃሪማ ዝወደቐት ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ኢራን፡ ቅዳሕ ናይታ ዝተማረኸት 'RQ-170' ዝዓይነታ ናይ ኣመሪካ ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ኮይና ከምእተረኸበት ጸብጻባት የረድኡ።

# ማያዊ ዶብ እስራኤል - ሊባኖስ ሽምግልቲ ይጽበ

እስራኤል ምስ ሊባኖስ ዘለዋ ናይ ባሕሪ ዶባት ብሽምግልና ኣመሪካ ክፍታሕ ከም እትደሊ ተሓቢሩ። ሚኒስተር ጸዓት እስራኤል ንማዕከናት ዜና ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ሊባኖሳውያን ኣብዚ ክረምቲ እዚ ክዘራረቡ ድሉዋት ምዃኖም፡ ኑቲ ዘሰሓሕብ ጉዳያት ክፈትሕ ናብ ዝኽእል ነጥቢ ክበጽሕ ተስፋ ከም ዘሎን ምንጭታት ሓቢሮም።

ሊባኖስ ግና ብወገና እዚ ብዝምልከት ዝኾነ ሓበሬታ ከምዘይሃበት ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ዲፕሎማሲያዊ መቓሻታት ዘካይድ ዘሎ ኣመሪካዊ ልኡኽ እንተኾኑ፡ ኣብዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ግዜ ይኹን ናይ ቁጻራ ቦታ ከምዘይሓበረ ሮይተርስ የረድአ።

እስራኤል ኣብ 1948 ልኡላውነታ ካብ እትእውጅ ንደሓር፡ ክልተኣን ሃገራት ኣብ ባእሲ ከም ዘለዋ፡ ንምሕንጻጽ ማያዊ ግዝኣት ኣብ ዝምልከት ዝኾነ ስምምዕ ገይረን ከምዘይፈልጣን ምንጭታት ይሕብሩ። ቅድሚ ቀሩብ ዓመታት ብርክት ዝበለ ዕቑር ባህርያዊ ጋዝ ኣብ ከርሲ'ቲ ኣከራኻሪ ባሕሪ ከም ዘሎ ምስ ተፈልጠ ግና፡ ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ይፍለጥ።

ማያዊ ዶብ ናይዘን ሃገራት እንድሕር ተሓንጺጹ፡ ኣብ ክልቲኤን ሃገራት ተዓልዩም ዘለዉ ኣብ ኩዕታ ዝጦፉ ኩባንያታት ስርሖም ክጅምሩ ኣብ ተስፋ ከምዝለዉ ጸብጻባት የረድኡ።

ካብ ጸይ ገጽ ዝቐጸለ

## መልእኽቲ ካብ . . .

ከይደቀስና ንሓድር፡ መልሓስን ግብርን ኣብ ክልተ ጫፍ ከይሰፍር፡ ኣብ ቅርዓት ሰማእቲ ሸፋትነት ከይሰርር፡ ወትሩ ኢና እንጽሊ፡ ከይጭርገፍ ግርማ ገድሊ።

ሱብ ቀደምና፡ መናብርትና መጋድልትና፡ ሰራሕቲ ናጽነት ሰራሕቲ ሃገር፡ ሱብ ዝፈጠርኩም ብሕሉፍ መስተንክር፡ ኣብኡ ኢና ዘለና፡ ኣብ መትከል ቀደምና፡ ብኣኻትኩም ዕላልና፡ ካባኻትኩም ትጽቢትና፡ ንዋይ የለን ኣብ መንፈስና፡ ዛዕባ ሃብቲ የለን ኣብ ገዛና፡ ሓበን'ዩ መንጸፍና ክዳንና፡ ሲጋይ-ሲጋኻ'ዩ መናብርትና፡ ዛንታ ቅያታት'ዩ ዘረባና፡ ናጽነትኩም'ዩ መግብና፡ ፈውሲ ናፍቖት እንተ ኹንና፡ ኑቲ ዝተቐበረ ምሳና፡ ኣእዳውኩም መሓውርኩም እናጋጠምና፡ ኣዒንትኹም እናጥለልና፡ ኣብ ጎናጉዲ ንሰርሓኩም፡ እሞ ከም ህያው ነዕልለኩም፡ ንዛረቦ ንምስልኹም፡ ንጽውዖ ኣስማትኩም፡ ወዲ ናስር ወዲ በርሀ. . ፡ እናበልና ንደሀ፡ ክሳብ ካብ ልዕሊ ምድሪ ትመጽኡና፡ ዓይኒ ብርክኹም ብሕድሪ ንሕልዎ ኣለና፡ ዘይተርፍ ካብ ኩነ መውዳእታ ዕምሪ፡ ኩሉ እንክገይሽ ብኽብሪ ብዘይክብሪ፡ ንጽልየልኩም ኩተብሉ ናባና፡ ሞት ከይሰዕረኩም'ሞ ከይትፍለዩና።

# ቬትናም፡ ኣስከሬን ሆቺሚን ትከናኸን

ቬትናም ናይ መራሒ ሰውራ ሆቺሚን ሬሳ ተዓቂቡ ክነብር ዘኽእል ቀመማት እተዳሉ ኣርባዕተ ሩሲያውያን ሊቃውንቲ ዝርከብዋ ኮሚቴ ከም ዝመስረተት ተሓቢሩ።



እታ ፍልይቲ ኣሃዱ ክኢላታት፡ ኑቲ ቅድሚ 50 ብቀመማት ተለኺዩ ዝተቐመጠ ሬሳ ብምምርማር ዘድልዮ ተወሳኺ ሕክምናዊ ክንክን ንምክያድ ከም እትውሰን ተፈሊጡ ኣሎ።

ሕብረት ሶቭየት (ሩሲያ)፡ ኮሙኒስታዊ መራሒ ቭላድሚር ሌኒን ኣብ 1924 ምስ ሞተ ዝተጠቐመትሉ ቀመማዊ ክንክን ኣካላት ዝሞተ ሰብ፡ ቻይናን ሰሜን ኮርያን ክጥቀማሉ ከም ዝጸንሓ እውን ይፍለጥ።

ቬትናማውያን ብቦህሎም ንሓወቦ ብዝወሃብ መጸውዒ ስም ዝጽውዕዎ መራሒ ሰውራ ሆቺ ሚን፡ ኣብ 1969 እዩ ሞይቱ። ካብ ግዝኣት ፈረንሳ ናጻ ዝወጸት ሰሜን ቬትናም ኣብ ምቛምን ኣብ ደቡባዊ ቬትናም ዝነበረ ብምዕራብ ዝድገፍ መንግስቲ ከድምስስ ዝኸኣለ ሰራዊት ቬትኮንግ ኣብ ምምስራትን ብዙሕ ቅያ ዝሰርሐ ሆቺሚን፡ ተፈታውነቱ ክሳብ ሕጂ ከምዝየዘ ይፍለጥ።

ኣብ ሰሜን ቬትናም ናጻ መንግስቲ ምስ ተመስረተ ከም ቀዳማይ ሚኒስተርን ፕረዚደንትን ኮይኑ ድሕሪ ምግልጋሉ፡ ኣብ 1964 ብፍታው መዝነቱ ኣረኪቡ ካብ ስልጣን ከም ዝወረደ መዛግብቲ ይገልጹ። ሆቺ ሚን ካብ ናጽነት ሰሜን ቬትናም ክሳዕ ዝሞተሉ ግዜ፡ ኣብ ዋላ ኣብ እተሰርሐ ባህላዊ ግድግዳ ይነብር ከም ዝነበረን እቲ ገዛ ከም ቅርሲ ተታሒዙ ከም ዘሎን ምንጭታት ይሕብሩ።

ሰራዊት ቬትኮንግ ኣብ ደቡብ ቬትናም ዝነበረ ብምዕራብ ዝድገፍ መንግስቲ ደምሲሱ ኣብ 1975 ናብ ከተማ ሳይጎን ብዓወት ምስ ኣተወ፡ ኑታ ከተማ 'ሆቺ ሚን' ኢሉ ስማ ከም ዝቐየሮ ይፍለጥ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኈደና | ቁ. ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሚሌኒዩም | 21/6/2019 | ኈደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ | 07153448 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565